# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 23 ዓመት ቁ. 331 | 28 ሓምለ 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ሰኑይ



ገጽ 2
ፌስቲቫል ዛግራ ...!



ገጽ 3
ሕርይቲ - ኣብ ሰዉሮ ሰናይ

ገጽ 4
ሽንቲ ቀቀልጠፉ እናመጽአ ኣሸጊሩኒ



ገጽ 9
ብስሙ ዝተጸልወ

ገጽ 11
ድሮግባ ዳግማይ ናብ ቸልሲ ተመሊሱ





## መበል 27 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ነናብ ስድርኦም ተፋንዮም

ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ዝዀቐጸልን ሃገራዊ ግቡኦም ንምፍጻምን ንዓመት መመላእታ ኣብ ሳዋ ዝጸንሑን ብ18 ሓምለ ዝተመረቑን ኣባላት መበል 27 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ናብ ስድራ-ቤቶም ክኣትዉ ጀሚሮም።

እዞም ኣብ 6 ዞባታት ሃገርና ካብ ዝርከባ 83 ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲን 7 ናይ ቴክኒክ ኣብያተ-ትምህርቲን ናብ ሳዋ ወሪዶም ዝጸንሑ መንእሰያት፡ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም፡ ከምኡ'ውን ዝተመደበሎም ወተሃደራዊ ስልጠናን ማእቶታዊ ንጥፈታትን ብዐወት ከም ዝፈጸሙ፡ ኣዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደበሳይ ግደ ኣብ'ቲ ናይ ምምራቕ ስነ-ስርዓት ምግላጹ ይዝከር።

መበል 27 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ንተመሳሳሊ ዕላማ ካብ ዝወረዱ 26 ዙርያታት ብቑጽሪ እቶም ዝበዝሑ ከምዝኾኑ፡ እንተኾነ ግን እቲ ማእከል ብዝለዎ ሃብታም ተመኩሮ ኣተኣላልያ ተመሃሮን ተዓለምትን፡ ንመሳብርኦምን ምሕደራኦምን ብዘይምልክት ዝጥቀስ ጸገማት ከየጋጠሞ፡ ዝምጽኦም ዕላማ ብዓወት ከምዝዛዘሙ፡ ካብ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመልክት።



እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ልዕሊ 5 ሽሕን 500 ተመሃሮ 11 ክፍሊ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ንምቕጻልን ኣብ መበል 28 ዙርያ ሃገራዊ ግቡኦም ንምፍጻምን፡ ብ25 ሓምለ ናብ ሳዋ ምውራዶም ይፍለጥ።

እቶም ተመሃሮ ካብ ኣብያተ-ትምህርቶም ኣብ ዝተበገሱሉ ንኡሪና ኣብ ዝነብሮ ሓበሬታ፡ ከም ቀዳሞት ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ብኹሉ መዳይ ብቑዓት ንኽኾኑ ድልውነት ምህላዎም ኣረጋጊጾም።

## ተርእዮ ሕማም ዓሶ ኣብ ምቍጽጻር ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ንምዕቃብ፡ ተራ ሕብረተ-ሰብ ክዓዝዝ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ተርእዮ ሕማም ዓሶ ኣብ ምቍጽጻር ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ንምዕቃብ፡ ተራ ኩሉ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ክዓዝዝ ከምዝግባእ፡ ብምኽንያት ሃገራዊ ቅነ ምክልኻል ዓሶ ብ27 ሓምለ ብደረጃ ዞባ ማእከል ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ - ምምሕዳር ከባቢ ክትሞወለዕ ኣብ ዝተገብረ ጽንብል መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣብቲ ወከልቲ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከል፡ ኣመሓደርቲ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒን ነበርቲ ምምሕዳር ክትሞወለዕን ዝተረኽቡሉ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ መሓሪ ሀዳድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃገራዊ ቅነ ምክልኻል ዓሶ "ዚያዳ ስራሕ ንዚያዳ ምቍጽጻር ዓሶ" ብዝብል ቴማ ክሳብ 2015 ዓመተ-ምህረት ክቕጽል ምኻኑ ጠቒሱ፡ ህዝቢ ኣጥርዩዎ ብዘሎ ንቕሓት በብከባቢኡ ኣብ ምቍጽጻር ሕማም ዓሶ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ክቕጽሎ ተላቢዩ።

ኤርትራ ኣብ ምቍጽጻር ሕማም ዓሶ ሓንቲ ካብተን ብደረጃ ዓለም ቀዳሞት ኣርኣያ ሃገራት ኮይና ምህላዋ ዝሓበረ ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ኣቶ መለስ ጉብረየሱስ ብወገኑ፡ ብደረጃ ሃገር ኑቲ ሕማም 95 ሚእታዊት ንምቍጽጻር ተኻኢሉ ከምዘሎ ኣጺሩ።

ካብ ዝተፈላለዩ ምምሕዳራት ከባቢ ዝተዋጽኡ ወከልቲ ጥዕና ሰልጢኖም ዘድልዮም ዕጥቒ ሒዞም ኣገልግሎት ንምሃብ ድልዋት ምህላዎም ዝጠቐሰ ኣቶ መለሰ፡ ንዝበለጸ ውጽኢት - ህዝቢ ከም ወትሩ ጉዳንዲ ብምድፋን ከበኡ ከጽርን ላምሲያ ክጥቀምን ብምዝኽኻር፡ ከምኡ'ውን ምስ ወከልቲ ጥዕና ዓድን ትካላት ጥዕናን ምትሕብባሩ ክዛይድን ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ኣቶ ሃብተ ጉብረማርያም ብወገኑ፡ ሕማም ዓሶ ንዝስዕቦ ሞትን ኣብ ስድራቤታትን ሕብረተ-ሰብን ዝኸትሎ ቁጠባዊ ሃስያን ብምግንዛብ፡ ህዝቢ ንዘውሃብ ቀጻሊ ኅስጉሳት ኣጉዳሲኑ ተገንዚቡ ብግቡእ ክጥቀመሉ ተላቢዩ።

እቲ ኢጋጣሚ፡ ብውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ሰልፊ ተመሃሮን ባህላዊ መሰናድኣታትን'ዩ ተሰንዩ ነይሩ።

ናይ ለሚ ዓመት ሃገራዊ ቅነ ምክልኻል ሕማም ዓሶ፡ ካብ 24 ክሳብ 31 ሓምለ'ዩ ዝቕጽል ዘሎ።

# ኣኺያኺ

*መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)*

መስሓቕ ካብ ዝኸውን ዝገሰ ግዜ ኣየሕለፍኩን። ሓደ ዝኢ ኣርእስቲ ዝረኣየ ዓርከይ ‘ዛግራ ድኣ ኣየኒይቲ ኮይና’ ዝቓናኡ ዘረባ እናሰምዓኒ’የ ዝኢ ኣርእስቲ ዝመረጽኩ። ግዳ ብሰማ እንተተሰየመ እንታይ ጉዳይ ምጠዓመ። ኣብ እንዳኻዕ’ያ ምስ ጻጸ ዝጸግበል ፈስቲቫል ምንባሩ የንብበልኩም’ሞ ንብይነይ ይሰሕቐልኩም። ንሸኹምከ ዝኢ ኣርእስቲ ምስ ኣንበብኩም ምስ መን ትሰሕቁ ትኾኑ?

ጸዕዳን ጸለምን ዝሕብረን ኣዕዋፍ ሃገረ ቺለ ነይረን ይብልኹም። እዘን ኣዕዋፍ ብሕብሪ ነቲ ኣብቲ ዓዲ ኣመና ዝውቱር ዝኾነ ኣእካል ሰለ ዝውክላ ፍትዋት ነበራ። ግዳ ግዜ ዘርኽቦ ሃገር ስለዘየለ እዚ ወሓጠኣን ዘይብሃላ ሸርብ ኢለን ጠፍኣ። ወላ’ኳ ኣብዚ እዋን ብብዝሒ ዝፃበር ወማዲ እንተዘይሃለወ፣ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል እቲ ሃገር ዝርከቡ ህዝቢ ግና ንዘኽሪ እዘን ምጭዋት ኣዕዋፍ እናበሉ፣ ዝፈትውዎ ኣኣካል ቅድሚ ምሽዋቱ ኣርባዕተ መዓልቲ ዝኸውን ግዜ ይጸውቱ። ንምብህሃል ክጥዕመሊ፣ እቲ ጽዕድው ዘለ እኽሊ ዓይነት ሩዝ ክኸውን እንከሎ፣ እቲ ቀይሕ ድማ ዝኢ ቅድም ክብል ዝጠቐስክዎ ዓይነት ሩዝ ንምምቃር ካብ በርኻ ዝምኣረር መጥዓምያ’ዩ። ክሹብ ሎሚ ነዘን ጸቡቓት ኣዕዋፍ ንምዝካር ኢሎም ዝዑበርዎ ፈስታ ኣሎ። ፈስቲቫልዶ ንበሎ?

ከመዩ እምነየም፣ ቅድሚ ቀውዒ እዘን ከፃዚ ዝተባህላ ኣዕዋፍ ኣብ ሰማያቶም እንተዘምብየን ዓጺደኻን ኣኺደኻን ዘይውዳእ ምህርቲ ክሓፍሱ ምኳናቶም’ዮም ዝኣምኑ። ዝኢ ድማ ካብ ውዕሉተን’የም ዘመንጭውዎ። እዘን ኣዕዋፍ ኣብ ዝመጻሉ ብብዝሒ እንቋቕሖ ስለዝወልዳ ህዝቢ እቲ ከባቢ ጸቡቕ ይምገብ ነበረ። መዓልታት ድኣ ዝፈልየሉ እናኾነ’ምበር፣ ንዓኣተን ሃዲናም ዝረኽብዎ ስጋ’ውን ጥዑምን ምቁርን’ዩ። ቃሕዶ ኢልኩም ይኸውን? ክትበልዓ ዝደለኻ ኣጠንምባሕስ ዛግራ በላ ደዩ ዝተማሰለ?

እዚ ምስቲ ባሕረሲ ብኣሊይ መጃ ዝተባህሉ ዓርጠም ሰብኣይ ብዓል ምድሪ ወዲ-ሰበራ ዘዕለሉኒ ይመሳሰል’ዩ። እቶም ሬልጺ ዝማሰል ቀላጽም ዝውንኡ ሰብኣይ ክዝልዩን ክጸምዱን ቅርብ ኢልካ ከተዕልሎም ግዜ ኣይረኸብኩልካን’ዮም። ግዳ ጸገርም ደፊርካ ከም ቀረብካዮምስ ኣይትመንዎምን።ብዛዕባ ዛጋሩን ምህርትን ዘዕለሉኒ ድማ እዮም። ወላ’ኳ ንሓይሊ ቀውዒ ካብ ቀርኒ ኩቡዮም ከንቡብዎ ዝኸእሉ እንተኾኑ፣ ካብ ምንቅስቓስ ዛጋሩ ንምርዳእ’ውን ኣይእገሙን። ናይ በይናም ሚላ ኣይሃጎን። ናቶምን ናይቲ ዘዕበዩም ሕብረተሰብን’ውን እዩ። ‘ኣእጋር ዛግራ ዓውዲ ይሕብራ’ ዝብል ምስላ ድማ የቐድሙ። ወዮ ድኣ ከም ዋሕራር(ዋህራር ዘይትብሉዶ ኸኣ በልኩም? ሕራይ ይኹንልኩም) ኣብ መንጎ ፊይ ምባል ዘየብትከለይ እናኾነምበር፣ ኣእጋር ዛግራን ሜጨሎ ዝተባህለ መኹስተር ዓውዲን ሕብርም ይኹን ቅርጾም ይመሳሰል’ዩ። ብፍላይ ምስተን ሓሙኹሽታይ ሕብሪ ዘለወን ዛጋሩ ምምስሳሉ ቅርብ ይብል። ወዮ ክብሎ ዝደለኹ ዶ ሸርብ በለኩም። ዓውዲ ጸቡቕ ምህርቲ ክርከቦ እንተድኣ ኮይኑ ሜጨሎ ይገገርኣ ይብሃል። ከመይ ኣቢሉዶ በልኩም? ኣብ ጥቓ ዓውድኻ


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ

saha@zena.gov.er

ቀ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን

bife@zena.gov.er

ቀ.ስ 201820(2217)

ፋክስ፡ 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247

hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቀ.ስ. 200454

**ምልክታ**

ቀ.ስ. 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ

ነብያት ጸጋይ

ሳምራዊት መለስ

ዮሃንስ ሃይለ

ምስጋና ተዓገስ


# ፈስቲቫል ዛግራ ...!



ደብቁል ግዳ። ከም ሽፋሽፍቲ ዓይኒ ሕጻንቲ ከኣ’ባ ድኑብኡ ኢሉ ሕፈስሉ የብሎ። ድኑቡ ኢሉ ከም ተራእየ ንምሕማድ ዓውዲ ዘቆላጥፍ ለማልሞ ብምኳኑ ይብሃል። ንሱ ከም ጠያሞ ካልእ ዘራእቲ’ውን ስለዘይሓስሞ ሰናይ ጥራይ’ዩ ዘጸብ። ናብ ነገረ ዛግራ ክምለስ።

ዘበን ክጥዕም ምኳኑ ዝፈለጣ ዛጋሩ ምድሪ ምጽሕታር የቋርጻ። ካብ ወዮ ቅድሚ እኽሊ ዝሽወተን ዝጨልቀወን ፍረ ምድሪ እናተኣለዩ ይሓድራ። ወዮ ሸዊት ዛግራ ዝብሃል ክንዲ ጣፍ ዝኸውን ሕሰዮ በርኻዶ ከኣ ዘርከቡም። ብኸምዝን ወዲ ከምዝን ክሹብ ዝዕፍጥጣ ይበልዓ’ሞ ፈቓዶ ዕውደ ዕውዶን ደሞቖቦቃን መዝቢ ንምርካብ ኢለን ዝጽሕትራኣ ዝበራ ምድሪ ዕረፍቲ ይረኽባ። ብዓል ጉላ’ውን ዛጋሩ ጋሕጋሕ ተሰኣን ስለ ዘየዘይጽሕትራኣ ብዝፈልሖ ለሰሰሉ ይጸንሓ። ንደቀን መጻወቲ ዝኸውን ስዑዲ ዝደሊያ ኣደታት ድማ ንእግረ መንገደን ይማልኣ። ናይ ወየን ሕማም ኑብሰን ተጻዊቱለን ፍላሕ ጓይላ ዝቖርሳ ሰንካ እንታይ ኢልኩሙለ። ከናፍረን ብሓመድ ዝተሰርሐ ክሱብ ዝማሰል ንወየ ጠሉ ጸሓይ ዘይወሰዴቶ ፈኽሚ(ፍላሕ ክብል ኢለ’የ) ይምንበኣ። ነገር ሕማም ኑብሲ እንታይ ዘይገብር። ዘምዝዚ ክሹብ ዝዞረብ ሱቕ ኢልኩም ኣይተንበቡ። ናብ ውራየይ ክምለስ።

ንወየ ልዕል ክብል ዘዕለልክዎ ነገረያ ዛግራ ምስ ደርፍታቱን ዕላላቱን ፈስቲቫል ንግበረሉ እንተበልኩ ዕሽነትዶ ልዓና። ንወየን ምሽዋት ዕፉንን እትዋት ሓደሽ እኽሊን ዘበስራ፣ ኣዕዋፍ ከም ብዓል ዑፍ መስቀል(ሰገም)፣ ንብዓል እፋፍ ዘይብሉ ሓጋይ ምኳኑ ንሕብረተሰብና ንምንጋር ጸሓይ ኣብ ምውጽኣ፣ ጥዑም ደምጺ ዘሰምዓ ሃርሃረት፣ ንወየን ኣብ መንጎኻ ሰሰዐን ጥልመትን ከም ዝዘለ ብዕረርዋይ ድምጸን ዘውክኣልካ ጉንጓ፣ ንወየን ከብትኻ ሰራን በቖላን ከም ዝደሊያ ንምሕባር ኣብ ኣፍ ኣፍንጫኣን ኮደድ ዝብላ ዋሪ...... ንምዝካር ፈስቲቫል ንግበር እንተበልኩ ዘይጻሻ እንታይ ከይብሉኒ። ምንጋር ምንጋሩ... ደዩ ዝተማሰለ፡

ኑቶም ካብ እግሮም ክሹብ ሰርም ዝደርበ ዘይብሉም ብዓል ዓርኩብሮባይ፣ ዳዕሮ፣ ሳግላ፣ ሞሞና ንምምስጋን ስርዓትን ጸምብልን እንተገበርና መምሓረልና እንዶ። ኣካ ኣብ ቅድመይ ዝጸንሑኒ ጥራሕ እናዘርኩ ሰኸፍ ይብለኒ ኣሎ’ኒ’ምበር ኻይ ዓርሰም ፈስቲቫል ዘድልየም ወግዕታትን ብዚሓትን ኣበይ ኣለ ከበጽሖም። ኣካ ኢዱ-እግሪ ከም ሃለወኩም ክሹብ ዝደለኽምዎ ዓንድሩን ዝለሉን። ከፍ ዝበለስ ኣስመራ ቀረብኡ ትብል ዓባየይ ንጉሰይ።

እዋም ዝኢ ጽሑፍ ንምሰናይ ተጠቒመሎም ዘለኹ ኣሳእል ናይ ከምዙም ልዕል ኢለ ክዘርዝሮም ዝጸናሕኩ ነገረያ ሕብረተሰብ ዝውክሉ’ዮም። ብዛዕባኦም ምጽሓፍኩ። ግዳ ነገር ኣስተምህሮ ከይመስል። እቲ ሓደ ኣብ ሃገረ-ኒፓል ናይ ዝገበር ፈስቲቫል ሰእሊ’ዩ። እቶም ሕሉፍ ወለድኦም ሰር-መሰረቶም ምኳኑ ንምዝኽኻር ዝተበበሉ ነገር ዝዑበርዎ ድማ’ዩ። ኣብ ኣኡዳምምን ኣእጋርም ዝተኣሰረ ብዙሕ ኣዕናቑ ኣሎ። እዚ ድማ ዝሓለፉ ወለዶም ብሃደንቲ እንስሳታት ንኸይድፈሩ ከም መብለጭለጪ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ኣጽዋር’ዩ። ደረጃኦም ከኣ’ባ ይሕብር። ካብ መንከብም ናብ ዶሳኦም ኣብሉ ዝኸይድ ተኣሳር እንተድኣ ገይሮም፣ ዝወለዱን ሰብ ሓዳርን ምኳናም ይሕብር። ናይ ወያ ብሰልማት ዘጸት ግና ምሕብርኩም ምተረፈኒ። ከመዩ ዕላሎም ግና ብዓል ቤተን ዝሞቶ ሰልማት ዝተዋህበን ኣንስቲ ንብዓል ቤተን ንምሕዛስ ይሰላለማ’ሞ፣ እክብ ኢለን ናይ ምሲጋና ስርዓት የዳልዋ ነይረን ካብ ዝብል ጸዋ ዝተላዕለ’ዩ። እዚ ጸምብል ከይቅጽል ብብዙሓት ወገናት ነጋል እገዳ ተገይርሉ ነይሩ ይብልኹም። እንታይ ሓብጦምዶ በልኩም። ኣየዚ ምሕታት ክትፈትው። እተን ብብዓል ቤተን ዘይተሰለማ ደቀንስትዮ ካብ ወዮ ብሰልማት ዝመልክዓ ተፈልየን ከውዕላ እንከለዋ ክሱብ ኑብሰን ምቕታል ይበጽሓ ብምንባረን። ግዳ ዝተለምደ ሻቡ ስለዘይተርፍ፣ እህ ክሹብ ሎሚ ብዓል ቤተን ከማትዮና ዝደሊያ ወጃዕ ይብላ።

እሞ ፈስቲቫልስ ንጀምር ኣሎና። ንሓሳብ ከመይ ይኸውን? ንባህልና ካብ ፍሩዩ ክሱብ ደቂቑ ንምንጽብራቕ ኑብሲ ወከፍ ሰድራ እዚ ዓውዲ ከመይ ዘለ ምድላው ገይሩ ይኸውን? ከም ተመሃሮን ተመራማሪ ባህሊን ብዛዕባ’ዚ ነገር ወትሩ ምስ ሓሰብኩ’የ። ዓቕመይ ብዘፈቕዶ ነገረያ ፈስቲቫል ንምድማቕ ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን ምስ ክንደይ ወትእታት ይገጥም’የ።

## ግጥም ብግጥሚ

### ስመይ ክቕይሮ

ሓላሊይ እምነተይ
ሰናድር ህይወተይ
ሓደ ኢኻ ንሰኻ
ደስታ ሓገስ ልበይ
ምልኣት ኣካልካ
ፍቕሪ ተመገበ
ንዓኻ ረኺበ
እንታይ ካልእ ክጸበ
ከምዝዩብረ መወጽኢ ኣፉ
‘ታይ ከምዝኾነት ልሳና
ተኸሊፉ።
ንሳ’ኳያ እታ ክምርዓዋ ዝደለ
ኣብ መንጎ ዕላልና ዝገበረት
ትማሊ
ስመይ ጠፊእዋ ብስሙ ጸዊዓትኒ
ብስም እቲ ተፍቅሮ
ኣብ ጋዜጣ ደሞ ስመይ ክቕይሮ።
ልሳና ምልኣት ልባ እንተተፈኣ
ስመይ ኣብ ቅድሚ ኣዕራኹተይ
ከይጠፍኣ።
ከይብሉኒ ዝኢ ዲኻ ክትምርዓዋ
ተፍቅሮ’ኮ ኣለዋ።
ሰማካ እናጠፍኣስ ልባ ክትረኽቦ
ሕልሚ ከይከውን ፍጹም
ኣይትሕሰቦ።
ስመይ ጠፊእዋ
ካብዚይተረኽበ
ገለ’ባ በሉኒ ምኽርኹም
ክጸበ።

ፍሰሃ
ገብረሂወት(ፍሻ)

# ወይ ሕብ ደቀይ!

ገብሩ ክብርኣብ

## ሕርይቲ - ኣብ ለሃሮ ሲናይ



16 ክፋል

ምስ'ቶም ግብጻውያን ኩይኑ ምእንቲ ገንዘብ ክብል ኣንጻር ኣሕዋቱ ደው ዝበለ እድሪስ፡ ንፍሲ ወከፍ ግዳይ ቈጸሪ ተሌፎን ስድራቤቱ ክዘክር ምስኣገደደ፡ "ሕጂ፣ ኣብዛ ዕለት እዚኣ ሰለስተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእተን ዶላር ትኽፍሉ! እንተዘየለ እዛ ምሸት 'ዚኣ ምሸት-ሞትኩም ክትከውን'ያ" ክብል ምስ ኣገባበዐ፡ ኣብ የማናይ ኢዱ ንዝበረት ተሌፎን ኣልዕል ኣቢሉ ከጠዋውቓ እናተቐረበ፡ "ቈጸሪ ተሌፎንካ ክንደይ'ዩ! ዝዘከርካዮ ቈጸሪ ተሌፎን ክንደይ'ዩ?" ክብል ኑቲ ብቐድሚት ደው ዝበለ መንእሰይ ሓተቶ። እቲ መንእሰይ፡ ዝዘገሮ ቈጸሪ ተሌፎን ክሰርሕ ስለዘይክኣለ ግን ካልእ ቈጸሪ ሕሱቡ ኢሉ ሓለፎ። ኣብ ካልኣይ፡ ቈጸሪ ተሌፎን ክትህብ ዝተሓተተት ጉርዞ፡ ድማ ዝዘከረቶ ቈጸሪ ሃበት። እድሪስ ኑቲ ዝሃቡዎ ቈጸሪ ተቐቢሉ ምስ ደወለ ፍሽኽ በለ። ጸወዒት ከምዝሰምዐ ንምምጉቱ ኣጸጋሚ ኣይነበረን። እንተኾነ እታ ጉርዞ ደሃይ ስድራኣ ክትሰምዕ እምብዛ ከቢድዋ፡ ሰቐ ኩነ መልሳ፡ በዚ ኣገዩ ዝተቖጥዐ እድሪስ ዝሕዞን ዝበሎን ስኣነ። ንልሳኡ ንደገ ብምውጻእ፡ ነኻኸሶ፡ ንኣዕይንቱ ፈጠጠጥ ኣበለን። ካብ ባይታ ዝደፍ በትሪ ኣልዒሉ ኸኣ ብሓይሊ ብምሽንኳጉ ተሰሃላ። ዳግማይ ኑቲ በትሪ ኣልዒሉ'ውን እቲ ዳስ ክሳብ ዝሰቓቕቕ ናይ ሓይሊ ኣቡኡ ኑቲ ዚንጎታትን ጣዋሉን ወቕዖ። ዝ. እንክብሩር እናጉረ ስለዝበረ፡ ከም ጽሉል ዝተሰርሐ መሰሉ ተራእዩዎም። ነታ ጉርዞ ብሕማቕ ሰምዒት እናጠመታ ኸኣ ንደገ ወጽኡ።

እታ ጉርዞ ዝ. ምስ ረኣየት 'ብኻ እብ ተዛረብ' ዝበል ሓሳብ መጽኣ። እንታይ ኮን'ዩ ከምጽእ? ዝበል ሕቶ ኸኣ ንፍሲ ወከፎም ግድል ኾኖም።

እድሪስ ናብታ ዳስ ቅድሚ ምምላሱ ነፍሲ ወከፍ ግዳይ ሓደት ኣተንፈሶ። "ኣታ ብዶ ኹም ኢለኩም፡ እዚ ዘይምዝራብ መመለሱ ናብ ዝኸፈኣ'ዩ ክወስደና! ሰብ እንተሎና ንዛረብ" ዝበል ድምጺ'ውን ተሰምዐ። "ካብ'ዚ ዝኸፍእ'ሞ እንታይ ክገብረና ኾይኑ!? ካብዚ ዝኸፍእ እንታይ ከይህሉ ኢኻ ከምኡ ትብል!?" ዝበለ ኸኣ ተረኽበ። እቲ ምምልላስ ከይቀጸለ ግን እድሪስ ደበኽ በለ። ብኽልተ ኣእዳዉ ተሰኪምዎ ዝመጸ ድሙ ሓደ ዝመኽኽ ጎማን ንምዝሓድ ዝመስል ሓጺንን ነበረ። "ብኽብረት ደውሉ ኢለኩም ካብ ኣበኹም፡ ምስ መሻኽኩም ክትዛረቡ ኢኹም - ከይፈተኹም!"

ዓውታኡ ካብቲ ዳስ ወጺኡ ንዝበረ'ውን ከሰንብድ ዝኽእል'ዩ ነይሩ። ከምዚ ድሕሪ ምባሉ ኸኣ "ሕጂ፣ ናይ መውዳእታ ዕድል ክህበኪ'የ" ኢድሃዩ፡ ሓንሳብ ናብታ ኣብ ኢዱ ዝበረት ተሌፎን፣ ሓንሳብ ናብታ ድምጺ ስድራኣ ክትሰምዕ ዘይክኣለት ጉርዞ እናጠመተ። ድሕሪ'ዚ ንሳ ራዕዲ ስለዝኣተዋ፡ ነታ ዝደወለት'ሞ ዘቕበላ ዝረኸበት ተሌፎን መለሰትላ። "ኣብ ሲናይ ሐሁምኒ ኣለው። 'ሎሚ መዓልቲ ሰለስተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእተን ዶላር እንተዘይከፊልኪ ክንቀትለኪ ኢና' ይብሉኒ ኣለው." ድሕሪ ምባል ካልእ ዘረባ ምቕጻል ስኣነት። እድሪስ ብተግባራ መሓረ፡ ኑቲ ናይ ምድዋል መሰርሕ ከኣ ቀጸሎ። ሳልሳይ ራብዓይ ሓምሻይ...እናበለ ድማ ናብታ ኣብ መውዳእታ ተሰርዓ ዝበረት ሕርይቲ በጽሐ።

"ንስኺ'ኸ ቈጸርኪ ክንደይ'ዩ?" ኢሉ በላ፡ ክልተ ኣእዳዋ ኣብ ኩብዳ ኣቐሚጣ፡ ስለንበሰጸር መሓረ፡ እናበለት።

ሕርይቲ ዝ. ዘኪራ፡ "ቈጸርኪ ንገሪ ምስበለ፡ ጭንቕ ኢሉ፡ እንታይ ኩይነ መስለካ ናብ ገዛና ከይደድውል ኣደይ ሕምምቲ'ያ፡ ዝ. እንተሰሚዓ እንታይ'ያ ክትከውን ኢለ? ካልእ ዝሓሸ ኣማራጺ ክደለ ክሓስብ ከለኹ ሕጂ ደንጉኺ ኢሉ ብየዒ በትሪ ሕቖይ ይደስቕኒ። ናብ ሓብተይ (በዓልቲ ሓዳር) ምድዋል ስለዝመረጽኩ ከኣ ቈጸራ ይሃብኩ። ቤታ ቈጸሪ ገይሩ ምስደወለ፡ ሓብተይ 'ሄለው' ኢላቶ ምስዘበ, "ኣብ ሲናይ ሐሁምኒ ኣለው፡ ሎሚ መዓልቲ ሰለስተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእተን ዶላር እንተዘይከፊልኪ ክንቀትለኪ ኢና፡ ይብሉኒ ኣለው." ኢለያ ከይተፈለጠኒ። ምኽንያቱ ሓንሳብ ምስጀመረ ወላ ምስ ሓብተይ እናተዛረብኩ ይደስቕኒ ነይሩ። ሕጂ እናተዛረብኩ ዳርጋ የእዊየ ነይረ። ብሓደ ወገን ብበትሪ እህረም ኣለኹ፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ናብ ስድራ'የ ዝድውል ዘለኹ። እንታይ'ሞ ክትብሎ ኢኻ ናይ ክፉእ ዝኸፈኣ ነገራት'ዩ። በዓል ሓብተይ ማለት ገዛና፡ ኣብ ጉልጅ ከለኹ ክመጽእ'የ ኢለዮን ደሃይ ምስ ኣጥፋእኩ ገለ ኩይነ ከምዝበርኩ ተረዲኢወን ነይሩ። ሲናይ ግን ፍጹም ዘይገመትኦ ስለዝበረ ገዛና ተናዊጸን። ዝኑበረኦ ጠፊኢወን። ኣነ ኸማን ደውል ኣበለ ምስ ወዳእኩ፡ ኣብኣ ከለኹ ሕርር ኩምትር ኢለ፡ እድሪስ ካብ ዝኾነይ ምስ ኣልገሰ ኸኣ በኸዩ፡ መሪር ብኽያት...!!"

ሕርይቲ ምስደወለት፡ ቀዳማይ ዘርፆ ምድዋል ኣብቂዑ፡ ናብዮም ዝሃብዎ ቈጸሪ ተሌፎን ክሰርሓሎም ዘይክኣለ ምምላስ ከኣ ኩነ፡ ክልተ ወይ ሰለስተ ሰዓታት ምስሓለፈ ግን ኩሉ ግዳይ፡ ናብ ቤተሰቡ፡ ፈተውቱ ወይ'ውን ገርቲ ሰናይ ብምድዋል ሓገዝ ሓተተ። እዚ ምስተገበረ ድማ ዕዮ እድሪስ መልሲ ነፍሲ-ወከፍ ግዳይ ምክትታል ኩነ። ኩለን ኣዕይንቲን ኣእዛንን ድማ ኣብ ኢዱ ናብ ዝሓዘ ተሌፎን ኣድሃባ። ቅልጥፍ ኢሉ ዝምልስ ዝሰኣነ እድሪስ ካብን ናብን እናተመላለሰን ኣብ ቅድመኡ ንዝጸንሖ ከም ጽሉል ብበትሪ እናደረቦን ነታ ዳስ ኩለላ። ተሌፎን ድምጺ ከይተሰምዐ ግን ዕጮ ሓንፈፈት።

"ካብኡ ኩሉ ሰብ ሓደ ኩይኑ ጉዳዩ - መልሲ ምጽባይ። ምኽንያቱ 'እንተዘይከፊልኩም ሞት'ያ'፡ እናበለ ራዕዲ'ዩ ኣእትዩልና። እታ መዓልቲ ወላ ሓደ ካብና ከይከፈለ ሓሊፋ። እታ ምሸት ግን ምሸት ኣይትብሃልን'ያ። ክቕትለኩም'የ ክብለና ስለዝወዓለ ገለኡ ሰብ ኩብዱ ሓቖፉ'ዩ ወዒሉ። ገለኡ ኸኣ እንተዘኮርጆና ይብል። ንጸባሕቱ ግን እድሪስ ምጽእ ኢሉ ክገርፈና ጀምሮ ኩብልን ተሌፎን ክትድውልን ሓደ ኩይኑ። እዚ ክበለካ ንሱ ናብ ነፍሲ ወከፍ ዝሃብናዮ ተሌፎን ክድውል'ዩ ወዒሉ፡ ወላ ለይቲ'ውን ክድውል'ዩ ሓዲሩ። ብሓጺሩስ ንኹላ ሰድራ ራዕዲ ዘረኣላ'ዩ ሓዲሩ። ሕጂ ኣብዛ ሓዳሽ መዓልቲ ነታ ሓንቲ ካብቶን ክልተ ኣዋልድ ኣብ እስራኤል ቀረባ ሰብ ነይርዋ ይሕወሰላ። እዋይ ዕድል ገይራ፡ ገለ ንብል ብውሽጥና። ጸንሕ ኢላ ኸኣ እታ ሓንቲ ጓል ከምኡ ይሕወሰላ። ከምዚ እንተኾይኑ ደኣ ኩልና ክሕወሰልና'ዩ ክንፍታሕ ኢና፡ ክንብል ጀሚርና። ምኽንያቱ እቲ ነገራት ቅልጥፍ ኢሉ'ዩ ኩይኑ። ከምኡ እናበለ ክሳብ ምሸት ካብቶም ዓሰርተ-ሓደ እቶም ዝጠዘሉ ይኸፍሉ። ዘይከፈልና ኣሃን ክልተ ኣውዳትን ንተርፍ። ሕጂ ኑቶም ዝኸፈሉ ንብይናም ፍልይ ኣበሎሞም። ኑቶም ዘይከፈልና ግን ኣብቲ ዘለናዮ ብዓይኑብሊይ ስቲብሊይ መግረፍቲ...!!"

ዘይከፈሉ ሕርይቲን ክልተ ኣውዳትን ተረፉ። እድሪስ ምስ ክልተ ግብጻውያን ረሻይዳ ብምኳን ሰቓይ ምጻር ክሳብ ዝሰእንዎ ብበትሪ ምስ ደሃኽምዎም፡ 'ያላ ሕጂ ኸኣ ንሰድራኹም ርኹብዎም፡ ኣይትደልዩናን ዲኹም!? ኢልኩም ድማ ሕተትዎም፡ ክኣ በሎም። እቶም ክልተ ኣውዳት ስድራኦም ረኸቡ። ሕርይቲ'ውን ምስ ሓብታ ተራኸበት። እትብሎ ግን ስኣነት። እድሪስ ነታ ተሌፎን መንጠሎ።

"ስምዒ፡ ሓብትኺ ትደልዩያ እንተኾንክ፡ ሕጂ ሕጂ ሰለስተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእተን ዶላር ናብ እስራኤል ኣሕልፊ!" ኢሉ በላ ብነዕቀትን ታህዲድን።

"ኣታ ሓወይ፡ ገንዘቡ'ዩ መዓስ ቀጺሊ ኩይኑ ሸምጥጥ ሸምጥጥ ኣቢልና ክንህበካ!!? በጃኻ ኢልካ ቅሩብ ተዓገሰና ንኣኻኽብ ኣለና" ምስበሎቶ ድማ ተሌፎን ዓጺወ'ሞ፡ ናብ ሕርይቲ ቅርብ ኢሉ፡ "እንታይ ከምዝጉበረኪ ክትርእዩኒ ኢኺ" ኢሉ፡ ኑቲ ሓጺን ብየማናይ ኢዱ ጨበጦ። ኑቲ መኻኺ ጎማ ኸኣ 'ላይተር' ወሲዑ ቃል ቃል ኣበሎ።

ይቕጽል...

# ሕቶ ጥዕና

ታደሰ ተኸለ

## ናይ መዓናጡ ጸገም ገይረ ድኣ ከይከውን!



ዕድመይ ኣብ ሰላሳታት ዝርከብ ሓደ ቁልዑ እየ። ከብደይ ብዙሕ ተሰማዒ ደሃይ ስለ ዝገብር ኣብ ስክፍታ እየ ዝነብር። ኣብ በይነይ ከም ዘይኮነ እፈልጥ እየ። ግና ናተይ ካብ ናይ ካልኦት ዝሓለፈ ብርቱዕ ኮይኑ ይስመዓኒ። ክሳዕ ሕጂ ብሰንኪ ዘይምስምማዕ መግቢ ዝመጽእ እናበልኩ ናብ ሓኪም እውን ኣይኪድኩን። ገለ ናይ መዓናጡ ሕማም ገይረ ድኣ ከይከውን? እንታይ ስለ ዝኾነ እዩ ዘድሂ?

ስመይ ኣገዳሲ ስለዘይኮነ እንተዘይጠቐስኩም ይሓይሽ - ካብ ሓጋዝ

ካብ መዓንጣ ዘድሂ ድምጽታት ብብደረጃኡ ዝፈላለ ከም ምኳኑ መጠኑ እውን ከምኡ ዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣለዎ። ኣጠቓሊ ዝሰማዕ ድምጺ መዓናጡ ኣዝዩ ዝጭድር ብምኳኑ እዩ ስክፍታ ዝፈጥረልኪ ዘሎ። ስለዚ ምኽንያት ናይዚ 'ዱድ' ዝብል ድምጺ እንተፈሊጥኪ፣ ኑቲ መጠኑ እውን ክትኣልይዮ ትኽእሊ ኢኺ።

እንታይ ምስ ተመገብኪ ብዝያዳ ከም ዘድሂ፣ ከብድኺ ጸጥ ኢሉ ብሰላም ዝውዕለሉ መዓልቲ እንተሃልዩ፣ እንታይ ስለ ዝገበርኪ ወይ ስለ ተመገብኪ ከም ዝኾነ ተዓዘቢ። ዘይሓቐቑ መግብታት ናብ መዓንጣ ኣብ ዝወርዱሉ ግዜ፣ ባክተርያታት 'ከፍልሕዎ' ይጅምሩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ሃይድሮጅን፣ ኦክስጅን፣ ናይትሮጅን፣ ካርቦን ዳይኦክሳይድን ሜተይንን ዝተባህሉ ጋዛት ይፍጠሩ። ከም ፈሲ ንግዳም ወጺኡ ክሸትት እንከሎ ድማ ሳልፈር (ዲን) ከም ዘሎ ይሕብር። ንዓኺ መንፋሕቲ ወይ ናይ ምሕቃቕ ጸገም ዝፈጥሩልኪ መግብታት ኣየኖት ምኳኖም ኣስተብህሊ። ስሩዕ ቀልቀል ትወጽኢ መደብት ይሃልኺ። ከብድኺ ክሳዕ ዝንፋሕ ናይ ደገ ምውጻእ ልምዲኺ ኣየተዳናጉይዮ።

እምበኣርከስ ሓታቲት ኣብ መዓንጣ ደሃያት ዝገብር መንፋሕቲ ዝፈጥሩ ሓያሎ ምኽንያታት ስለ ዘለዉ ካልእ ዝበኣሰ ሳዕቤን ዘየምጽኣልኪ እንተኾይኑ ንምፍላጥ ናብ ሆስፒታል ብምኻድ ተመርመሪ። ጠንቂ መንፋሕቲ ክኾኑ ዝኽእሉ ኣብ መዓንጣን ስርዓተ ምሕቃቕን ዝፍጠሩ ሓያሎ ዓይነታት ረኽሲታት ኣለዉ። ሓኪም ካብዚኦም ናጻ ከም ዝኾንኪ እንተገሊጹልኪ፣ ኣብ ኣመጋግባኺን ኣብ ናይ ደገ ምውጻእ ልምድኽን ኣድህቦ ክትገብሪ የኽእለኪ። ውጽኣት ወይ ድርቀት ዝደጋገመኪ እንተኾይኑ ኣብ ቀልቀልኪ ደም ትርእዩ እንተኾንኪ ወይ ተምላስ ዝገብረልኪ እንተመሰሉ ቅልጥፍ ኢልኪ ናብ ሓኪም ኬድኪ ክትኣልይዮ ፈትኒ።

ሽጋራ ምትካኽ፣ ማስቲካ ምሕያኽ፣ ከም ሌካ ሌካ ዝኣመሰሉ ገዘፍቲ ካራሜላታት ምልሓስ፣ ብታህዋኽ ምስታይ ወይ ምብላዕ ንፋስ ናብ ከብድና ከምእንውሕጥ ይገብሩ። እዚ ንፋስ እዚ መንፋሕቲ የስዕብ። ኣብ መዓናጡ ዝሰማዕ ደሃያት እውን ከም ዝጋደድ ይገብር።

## ሽንቲ ቀቀልጢፉ እናመጽአ ኣሸጊሩኒ

ሽንቲ ቀቐልጢፉ ይወጥጠኒ። እናኸዕ ናብ ዒዲ ምድሪ ስለ ዝሽይድ ኣብ ህይወተይ ዘይምዑፉይነት ዝፈጥረለይ ዘሎ ኮይኑ ይስመዓኒ። ብፍላይ ካብ ኣጋ ወጋሕታ ክሳዕ ቁረስ ናብ ስራሕ ዝበገሰ ጥሪቕ ክበል እየ ዘርፍድ። ካብ ቀጻጽር ወጻኢ ግን ኣብ መገዲ ወይ መገሻ ግና ኣብ ስረይ ኣይመልቑንን። ሽንቲ ከምዝሰኒ እናተፈለጠ እውን ነዊሕ ንብዙ ብዚይ ጸገም ክንዓዝ ይኽእል። ክሳዕ ማኪና ጠጠው ትብል ዝኾነ ተርባጽ ኣይሰማዓንን። ኣብ ስራሕ ግና ሓንቲ ሰዓት እውን ኣብ መዝበረይ ክጸንሕ ኣይክእልን እየ። ሕማም ደየሰ ሕማቅ ልምዲ እየ ዘማዕብል ዘለኹ።

ስመይ ኣይትጽሓፉዎ - ካብ ኣስመራ

ሕጽር ብዝበለ እቲ እተርእዮ ዘለኻ ባህርያት ሕማም ደዩ ኣይኮነን? ዝብል'ዩ ሕቶኻ - ተገንዚብናዮ ከምዝለና። ስራሕ እናኣቋረጽካ ናብ ዒዲ ምድሪ ብተደጋጋሚ ናይ ምኻድ ጠባይ ንህይወትካ ከም ዝተቐጻጸሮን ንሸኻ ብኣንጻሩ ክትቈጻጸሮ ከም እትደልን ኢኻ ትገልጽ ዘለኻ። ኣብ ደብዳቤኻ ብንጹር ዝገለጽካዮ ኣብ መገሻ ይኹን ኣብ ኣኼባ ክትሽይን ከም ዘይትረብጽ ኣረዲእካ ኣለኻ። ኣብ ስራሕ ኣብ እትዋፈረሉ ግዜ ግና ደጋጊምካ ትትንስእ ካብ ኮንካ ከም ኣኼባት ነዊሕ ናይ ኣውቶቡስ መገሻን ግና ዝተቛየደኻን ከይትሸይን ዝተኸልኣኻን ስለ ዝማሰለካ ከየሰርገርካ ብሰላም ኢኻ ትኸይድ።

ሰብ ብተደጋጋሚ ሽንቲ ክሸኑ ዝገደዱሉ ምኽንያታት፣ ብሰሪ ሓያሎ ዓይነት ሕማማት፣ ምስ እርጋን ብዝተታሓሓዘ ኩነታት፣ ብዝሒ ምስታይ ፈሳሲ፣ ዘሸኑ ፈሰስቲ ወይ መድሃኒት ብምውሳድ፣ እናበልካ ሓያሎ ካልኦት ጠንቅታት እውን ምጥቃስ ይከኣል።



ዝኸበርካ ሓታቲ፣ ረሰ፣ ውግኣት ጎድኒ ወይ ሕቖ፣ ተምላስ፣ ጉበኢ (ኩንኩኒት) ቀቀልጢፍካ ምጥማይ ወይ ምጽማእ፣ ክቱር ድኻም፣ ዝሰመዓካ ምስ ዝኸውን፣ ሽንትኻ ደም ዘለዎ ወይ ደባን እንተኾይኑ፣ ኣብ መሽኒኻ ጸላዕላዕ ዝበል ስምዒት እንተገይሩልካ ተዓዚብ እሞ ናብ ሓኪም ብምኻድ ምሉእ ሓበሬታ ክትህብ ዝኻኽረካ። ካብ እዚ ኹሉ ምልክታት ሕማም ዘይብልካ እንተኾነ እውን መርመራ ምግባር ጸገምካ ክንጸር ስለ ዝሕግዝ ደጋጊምካ ናብ ሆስፒታል ብምኻድ ሓኪም ተወከሰ።

እቲ ካብ መዝበር ስራሕካ ሓፍ ኮፍ ዝበልካ ባህርይ "ሕማቕ ኣመል" እዩ ዝኸውን ኢልካ ናብ ሓኪም ካብ ምኻድ ኣይትቁጠብ። ብሞዕዶ ክረኣ እንከሎ ሓደ ዘይምዕሩይ ናይ ስነ ኣእምሮ ልምዲ ዘጥረኻ ኢኻ ትመስል። ግና ከይተመርመርካ መደምደምታ ክትህበሉ ኣይትኽእልን። ሓኪም ምስ ተረኣኻ ምስ ስነ ኣእምሮ ዝተታሓሓዘ ልምዲ እንተኾይኑ ድማ ኣብ ነዊሕ መገሻ ከም እተርእዮ ዓቕሊ ምልምማድ ከድልየካ እዩ ማለት እዩ።

ለዪቲሽ ከመይ ኩን ትኸውን? በቲ ኣብ ደብዳቤኻ ዝገለጽካዮ ዕድመ ምርዕው ኢኻ ትኸውን ኢልና ኢና ንግምት። ከምቲ ኣብ መዝበር ስራሕ እተርእዮ ባህርያት ዶ ትትንስእ ትድቅስ ትኸውን? ወይስ ከምቲ ኣብ ኣኼባታት ተርእዮ ትዕግስቲ ንፍሰኻ ትገትእ?

## ፈጸጋ ዓይኒ ጭንቀት ቀቲሉኒ

ተደጋጋሚ ፈጸጋ ዓይኒ ኣሸጊሩኒ ኣሎ። ናብ ሓኪም ከይደ ነይረ። ዝሃበኒ ፈውሲ ሂቡኒስ ክሳዕ ዝውዳእ ተጠቒመሉ። ድሕሪ ብዙሕ ኣዋርሕ ድማ እቲ ፈጸጋ ባዕሉ ጠፊኡ ግና ከይደንጎየ ተመሊሱኒ። እዚ ዘልካ ካብ ዘይጠፍእ ድማ ዳርጋ ክልተ ዓመት ይገብር። ኣማኽሩኒ ከመይ ኢሉ እዩ ዝገድፈኒ እናበልኩ ድማ ብጭንቀት ሞይተ?

የዕበዮ ክብበ ሻምብቆ

ፈጸጋ ዓይኒ እንብሎ ኣብ ወሸጣዊ ወይ ከኣ ኣብ ጥርዚ ቁርበት ዓይኒ ፈጸጋ ዝመስል ሓፈስ ፈሳሲ ዝመላኦ ዕንፍሩር እዩ። ኣቐንዛዊ ክኸውን ይኽእል።

ዝኸበርካ የዕበዮ እቲ "ፈጸጋ" ምስ ተረኣየካ ኣብ መጀመርታ ናብ ሓኪም ምኻድካ ጽቡቕ ስጉምቲ ኢኻ ወሲድካ። ዝጠዘሐ ግዜ መንቀሊ ናይዚ ሕማም እዚ ረኽሲ ባክተርያ እዩ። ወይ ኸኣ ብዘኾነ ምኽንያት ዝፍጠር ነድሪ መኸደን ዓይኒ ከም መጠኒ ክኸውን ይኽእል።



እቲ ኣብ ጉዳም ዝረአ ድሕሪ ቀኑብ መዓልቲ ኑዑ ከም ዝሓዊ እዩ። እቲ ብወሸጢ ድሕሪ ታሕተዋይ ቁርበት ዓይኒ ዝወጽእ ግና ክሳዕ ዝጠፍእ ግዜ ክወስድ ይኽእል። እቲ ዕንፍሩር ኣብ ጸኪታት ስለ ዝወጽእ፣ ብሰንኪ ኣብኡ ዘሎ ጽኪታት ዘሎ ፈሳሲ ወይ ብሰንኪ ረኽሲ እቲ ከፉት ይወተፍ እሞ እቲ ፈሳሲ መውጽኢ ይስእን። እቲ ዕንፍሩር ከኣ ሓብጡን ቀዪሑን ይረኢ።

እቲ ሓኪም ዝኣዘዘልካ ፈውሲ እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ እዩ። ብሕጂ እውን ኣብ ቀረባኻ ናብ ዘሎ ትካል ጥዕና ብምኻድ ክትረኽቦ ናይ ትኽእል መድሃኒት ተጠቃሚ ክትከውን ፈትን።

እቲ ዕንፍሩራት ዝዋቐሮ ርጉእ ፈሳሲ ምእንቲ ክወጽእ ኣብ ማይ ልቡጥ ዝጠልቀየ ጽሩይ ጨርቂ ገይርካ ኣፍኩሶካ ጸቐጦ። ዋዒ ናይቲ ጨርቂ ኣፍ ናይቲ ዕንፍሩር ክኽፈት ስለ ዝገብሮ፣ እቲ ፈሳሲ ጸሪር እናበለ ክወጸልካ ይኽእል። ባዕልኻ ነቲ ዕንፍሩር ጸቒጥካ ከተንትዮ ግና ኣይትፈትን።

# ዓንኬል ፍቕሪ

ምሕረትኣብ ፍስሃየ

## ሻህ ጃሃንን ሙምታዝማሃልን



እቲ ግዜ መወዳእታ 16 ዘመንን መጀመርታ 17 ዘመንን'ዩ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ሻህ ጃሃን ኣብ ሙጋል - ህንዲ ነጊሱ ነበረ።

ኣብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ሻህ ጃሃን ወዲ 14 ዓመት ኣብ ዝበረሉ ብዕዳጋ እናሓለፈ ንእግረ መንገዱ ሓንቲ መልክዐኛ ፋርሳዊት ልእልቲ ጎፍ በሎቶ። ኣዒንቱ ደማ ኣብታ ዕንቊን ክቡር ሃርን ዘርጊሓ ትሸይጥ ዝነበረት ዘፍዝዝ መልክዕ ዘለዋ ጎርዞ ተተኺለን ተረፋ። ልቡ ቅድሚ ሽዑ ብፍቱር ሰንባደ'ኳ ክንድኡ ሃሪማ ኣይትፈልጥን። መላእ ኣካላቱ ክገልጾ ብዘይክእል ርቡጽ ስምዒት ተጎቢኡ ነበረ። ናብኣ ቀሪቡ ኣዘራሪቡዋ ኩብቆዕ እንታይ ከም ዝበላ'ኳ ክዝክሮ ኣይከኣለን። ንግዝኡ ምስ ተመለሰ ከኣ ነቦኡ ነዛ ብቐጸበት ልቡ ሰሊባ ዕዋኖ ዝሰርሓቶ ጎርዞ መንነታ ብዘየገድስ ከመርዕዋ ተማሕጸኖ። ስም ናይ'ዛ ጎርዞ ስም ይመርሕ. . . ከም ዝበሃል ኑቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝዓሰለ ግርማን መንሰን ዘጕልሕ'ዩ ነይሩ። መምታዝማሃል ማለት "ጌጽ ናይ'ቲ ግምቢ" ዝሰምዕ ትርጉም'ዩ ዘለዎ። ሻህ ጃሃን ድሒሩ ከም ዝፈለጦ መምታዝማሃል መሰለም ፋርሳዊት ልእልቲ'ያ ነይራ። ኑቲ ዝነበረ ፍልልያት ከጽብቡ ኣስታት ሓሙሽተ ዓመታት'ኳ እንተወሰደሎም፡ ወዲሎም ሓዲሮም ግን ምምርዓዎም ኣይተረፈን። ብ1612 ከኣ ብወግዒ ሰብኣይን ሰበይትን ተሰየሙ።

ብመሰረት ናይ'ቲ እዋን'ቲ ልምዲ፡ ሻህ ጃሃን ብዙሓት ኣንስቲ ነበራኦ። መምታዝማሃል ግን ሓለፋ ኩለን ኣንስቱ ኣብለጹ ዝፈትዋ ነበረት። ሻህ ጃሃን በትረ ንግስነት ኣቦኡ ዝርከበሉ ዕድመ ምስ በጽሐ እዛ መምታዝማሃል ዝተባህለት ፋርሳዊት ልእልቲ ኩሉ ግዜ ኣብ ጎድኑ ነበረት። መምታዝማሃል ኣብ መንጎ'ተን ብዙሓት ኣንስቲ ሻህ ጃሃን ከም ኣብ ማእከል እሾኽ ዝበቖለት ዕምባባ ጽገሬዳ'ያ ነይራ። ሻህ ጃሃን'ውን ሓለፋ ካልኦት ኣንስቱ ኣብለጹ ይፈትዋ ነበረ። ናይ'ዚ ምስክር ከኣ ብ1628 በትረ ስልጣን ክርከብ እንከሎ፡ መምታማሃል በይና'ያ ንጉሳዊ ማሕተም ዝተዋህበት። ብሓዳር ኣብ ዝነበሩሉ እዋን'ውን ኣብ ጎድኑ ከይተፈለየት'ያ ኣሕሊፋቶ። ኣብ ዝኾነ ጉዕዞኡ፡ ዋላ ኣብ'ቶም ነዊሕ ናይ እግሪ ጉዕዞ ዝጠልቡ ወተሃደራዊ ወፍሪታቱ ከይተረፈ ምስኡ ነበረት።

ብ1631 መበል 14 ውላዶም ክትሓርስ እንከላ፡ ሂወታ ክሳብ ምውሳድ ዝበጽሐ ዝተሓላለኸ ጸገማት ማህጸን ኣጋጠማ። ኣይጸንሐትን ድማ መምታዝማሃል ኣብ ዘይእዋና ብሞት ተኾልፈት። ሻህ ጃሃን ከኣ ኣብ ጎድኒ'ቲ ዓስከሬን ሰበይቱ ዝሓዘ ቃሬዛ ተማብርኪኹ፡ ንኽብራ ክብል ደጊም ብድሕራኣ ከም ዘይምርዖን ንመዘከርታኣ ዝኸውን ዘደንቅ ሓወልቲ ኣብ ልዕሊ መቓብራ ክሃንጸላ ምኻኑን ተመባጽዐ። እዚ ህንጻ'ዚ ሎሚ ታጅማሃል እናተባህለ ዝጽዋዕ ዘሎ ህንጻ'ዩ።

ብሞት ዝፈትዋ ሰበይቱ ልቡ ዝተሰብረ ሻህ ጃሃን፡ ብኣፈ ታሪኽ ከም ዝዘንቶ፡ ኣብ መላእ ግዝኣቱ ዝተተግበረ ናይ ክልተ ዓመት ሓዘን'ዩ ኣዊጁ። ድሕሪ'ዚ ናይ ክልተ ዓመት ሓዘን ቁሩብ ጸኒሑ ድማ፡ እቲ ንመዘከርታ መምታዝማሃል ክሃንጸላ ዝተመባጽዖ እጹብ ግምቢ ንምህናጽ ውጥን ኣውጺኡ ክንቀሳቐስ ጀመረ። እዚ ህንጻ'ዚ ንምፍጻም፡ ን22,000 ሰራሕተኛታት ልዕሊ 22 ዓመታት'ዩ ሓቲቱ። ሻህ ጃሃን ንባዕሉ፡ ሰበይቱ ካብ ትመውት ልዕሊ ሰለስተ ዕቑድ ምስ ሓለፈ'ዩ ንሰበይቱ ሰዓቡዋ። ሬሳኡ ከኣ ንዘልኣለም ኣብ ጎድኒ'ታ ዝፈትዋ ሰበይቱ ዓረፈ።

ገለ ሰባት፡ እዚ ናይ ሓወልቲ ባህርይ ዝተላበሰ ዛንታ ፍቕሪ ሻህ ጃሃንን መምታዝማሃልን 'እዚ ብዓለም ደረጃ ተፈላጥነት ዘለዎ ሓወልቲ ኣካል ናይ'ቲ ዛንታ ብምዃኑ ኣይተሃነ ዝተጋነነ ኣድናቖት ረኺቡ' ዝብል ክርክር ከልዕሉ ይኽእሉ'ዮም። እንተኾነ ግን፡ ሰር ኤድዊን ኣርኖልድ ዝተባህለ ወሩይ እንግሊዛዊ ገጣማይ፡ ብዛዕባ ጽባቐ ህንጻ ታጅማሃል ከም'ዚ ክብል'ዩ ብኣድናቖት ገሊጹዎ ኣሎ፤ "ኣብ ህያው ኣእማን ዝተሰከደ፡ ዘሐብን ተምሳጥ ፍቕሪ ንጉስ! ኣብ መንጎ ክልተ ደቂ ኣዳም ንዘሎ ዓሚቝ ምትእስሳር፡ ዘውክል እንኮ ምስሊ! ዝኾነ ካልእ ህንጻ ክጸሮ ዘይክእል ዓርሞሸሽ ውክልና'ዩ!!"

ብዓይኒ ፍቕሪ ክረኣ እንከሎ፡ ብዙሓት ኣንስቲ ምምርዓው ዝመናዊ ሕብረተሰብ ጋሻ ነገር ክኸውን ይኽእል'ዩ። የግዳስ እቲ ብሻህ ጃሃን ዝተራእየ ተወፋይነት'ዩ ዝያዳ ኩሉ እዚ ዛንታ ዝና ዘልበሶ። ሻህ ጃሃን ክንዮ ተወፋይነቱ መርኣያ ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ መምታዝማሃል ዝነበሮ ውዕውዕ ፍቕሩ፡ ንዓኣ ጥራይ ንጉሳዊ ማሕተም ኣሕሊፉ ክሳብ ምሃብ'ዩ በጺሑ። ቅድምን ድሕርን ሞታ ዝነበሩ ተግባራቱ ኩሎም ጽውጽዋያት መሰሎም ክሳብ ዝቐርቡ ኣገዶም ዝድንቑ'ዮም ነይሮም። ንሓቅነቶም ብዓይንና ርኢና ክንምስክር እንተንኽእል'ሞ ካልእ ነገር'ዩ ነይሩ።

## ጥቕሲ ፍቕሪ

- ንፍቕሪ ዋጋ ክትትምኑ ኣይከኣልን'ዩ።እንተዝከኣል ነይሩ ግን ንዕዳጋ ክሳብ ዝወርድ ምተጸበኹዎ።

ሓሴን ኒሻህ

- ዝበርኪ እንተገበርክዮ ንዓኺ ምፍቃረይ ክቐጽሎ'ዩ። ግን ኣብ'ዚ ንላዕሊ ክትገብርዮ ትኽእሊ ነገር ኣሎ ድዩ?

ጂን ኢልሰ ክላርክ

- ንልዕሊ ክልተ ዓመት ብፍቕሪ እንተቐጺልካ፡ ክትብጽሖ ዝደለኻ ሓደ ነገር ኣሎ ማለት'ዩ።

ፍራን ሌቦዊዝ

- እቲ ኩሉ ሰሪሐ ዘእትዎ ገዝዘ ሰበይተይ'ያ ትወስዶ። ኣነ ከኣ ኣምሳያኡ ንገሆ ንገሆ ሓንቲ ሚሊን ጽሩይ ቅያር ክዓውንትን እረኽብ።

ረይ ሮማን

- ደቃንስትዮ፡ ሰጋዊ ርክብ ንምፍጻም ምኽንያት ይደልዩ፡ ደቂተባዕትዮ ግን ስቱር ቦታ ጥራይ'ዮም ዝደልዩ።

ቢሊ ክሪስታል

- ደቃንስትዮስ ካብ ሰብኡተን ዝሓሸ መቐረት ክረኽባ ክሳብ ዝጅምራ ምኒን ክብላ ኣይክእላን'የን።

ቢሊ ማህር

## ዋዛ ፍቕሪ

ሓደ ዳህሳሲ ናብ ሓደ ብዙሕ ዘይፍለጥ መቓብር ንፈለማ ግዜኡ በጽሐ። ኣብ ወሸጢ'ቲ መቓብር ንእሹቶ ናይ ጋዝ መብራህቲ ጸንሓቶ። ኑታ ጋዝ ኣልዒሉ ክጸራርጋ ምስ ጀመረ ከኣ ካብ ወሸጢ'ቲ መቓብር፡ "እቲ ኣዚኻ እትጸልእ ሰብ መን ምኻኑ ክፈልጥ እደሊ ኣሎኹ" ዝብል ድምጺ ኣድሃዮ።

"ብርግጽ ንበዓልቲ ቤተይ ነበር'የ ዝያዳ ኩሉ ሰብ ዝጸልኣ። ስለምንታይ ግን ሓቲትካ?" መለሰ እቲ ዳህሳሲ።

"ኣነ ናይ መርገም መንፈስ'የ። ሰለስተ ነገራት ክትምኒ ከፍቕደልካ'የ። ዝተመነኻዮ ነገር ብዘየገድስ ግን ንሰበይትኻ ነበር ዕጽፊ ትምኒትካ ክወሃባ'ዩ"

"ጽቡቕ ሕራይ፡ ሓደ ቢልዮን ዶላር የድልየኒ'ሎ"

"ተዋሂቡካ'ሎ። ሰበይትኻ ነበር ግን ክልተ ቢልዮን ዶላር ከም ትወስድ ኣይትዘንግዕ"

"ካልእ ከኣ ኣብ ግዝኣት ካሊፎርንያ መሐምበሲ ጋብላ ዘለዎ ጽቡቕ ቪላ እንተዝረክብ ምፈቶኹ"

"ንሱ'ውን ተዋሂቡካ ኣሎ። ንሰበይትኻ ነበር ከኣ ክልተ ቪላታት ተዋሂቡዋ ኣሎ። ሕጂ'ምበኣር ናይ መወዳእታ ትምኒትካ ንገረኒ"

እዚ ምስ ሰምዐ እቲ ዳህሳሲ ካብ'ቲ መቓብር ወጺኡ ቁሩብ ርሒቑ ኣሉ ንሒደት ደቓይቕ ተንቀሳቐሰ። ተሪር በትሪ ሒዙ ድማ ናብ'ቲ መቓብር ተመለሰ። ኑቲ ክዛረቦ ዝጸንሐ መንፈስ'ውን፡ "እዚ በትሪዶ ትርእዮ ኣሎኻ? . . . በዚ ጌርካ ክሳብ ፍርቂ ሞት ዝበጽሕ ቀጥቅጠኒ" በሎ ይብሃል።

## ዳሃብ ዳዊት

Congratulations!

ዮ ሃ ና



ሎሚ 28/07/2014

ን 1ይ ዓመት መርዓኹም እተብዕሉ ዘለኹም፣

ወ/ሮ ሄለን መንግስ
ምስ
ኣቶ ዮናስ ኣብርሃ

እንቋዕ ኣብቃዓኩም ትብል

ኣደኺ ወ/ሮ ኣስመረት ኪዳን።

Congratulations

ዮ ሃ ና



ብዕለት 12/07/2014

ናይ ዝተመረቕኪ ጓልና

ወ/ት ወይኒ በየነ

እንቋዕ ሓጎስኪ!!

ትፈትወክን ተፍቅረክን ሓትኖኺ ሙዘይ ደበሳይ

ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

happy birthday



ንዕለት 8/8/2014 ዓመት ልደትካ እተብዕል ምጭው ወድና

ኢዛና ሙሴ ምስግና


እንቋዕ ናብ 1ይ ዓመት ልደትካ ኣብጽሓካ እናበልና ጽቡቕ ዕድል ንምነየልካ።

ወለድኻ፡ ሙሴ ምስግና
ትዕግስቲ ካሕሳይ(ቲቲ)

ወዲ ሓትኖኻ
ህጻን ጳውሎስ ሚኪኤል

ምስ ምሉኣት ስድራቤት





ብዕለት 26/7/2014 ኣብ እስራኤል ቃል ኪዳን ዝኣሰርኩም

ኣቶ ጎይትኦም ሃብተኣብ
ምስ
ወ/ት የሩሳሌም ገረዝግሄር

ምስ ምጭው ወድኹም ዩኤል ጎይትኦም
እንቋዕ ኣብዚ ኣብቃዓኩም ይብሉኹም
ሓውኹም ሄኒ ሃብተኣብ (Clichy)፣
ኣደኹም ኤልሳ ገረዝጊሄርን
ዓባይኩም ሓዳስ ዓንደሚካኤልን።

# ደብዳበታት ኣንበብቲ

ሳልማን ስራጅ

## ንምንታይ ተሓጋገዝቲ ዘይግበረሎም?

በል ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ ንምኽፋል ዝሓለፈ ሰሙን ናብቲ ኣብ ኣስመራ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኮርፖረሽን ኤሌትሪሲቲ ኤርትራ ዝርከብ መኽፈሊ ንቑጣ ከይደ ነይረ። ካብ ካልእ እዋን ብዘተፈልየ ኩነታት ድማ ኣዝዩ ብዙሕ ዓሚል ጸኒሐኒ። ኣብ ጥቓይ ንዝነበረ ተገልጋሊ ሓቲተ ከምዝፈለጥኩዎ፡ እቲ ዓሚል ብብዝሒ ዝተኣከበ ተቐባሊ ገንዘብ ብሕማም ምኽንያት ንገለ መዓልታት ኣብ ስራሕ ብምንባሩ እዩ። ብሰንኩ ከኣ ኣብ እዋኑ ክኸፍል ዝግብኦ ዓሚል ዕድል ኣይረኸበን።

እቲ ክኸፍል ዝመጸ ዓሚል ኣዝዩ ብዙሕ ብምንባሩ - ካልእ ስራሕካ ገዲፍካ ኣብኡ ክትውዕል እንተዘይኮይኑ፡ ብእዋኑ ሰለጡካ ናብ ወረይካ ክትምለስ ዘይሕሰብ'ዩ። ብምኽንያት እቲ ብዝሒ እንተገደለ ብሚል ክልተ ሰለስተ ግዜ ዝተመላለሰ ዓሚል ብዙሕ'ዩ። ካልእ ስርሑ ኣወዚፉ ኣብኡ ቀንፈዘው ክብል ዝወዓለ ተገልጋሊ'ውን ውሑድ ኣይኮነን። ኣብ መወዳእታ ግን ሳላ'ቶም ጻዕረኛታት ተቐባሊት ገንዘብ ክሰልጡና ክኢሉ።

ሰራሕተኛታት ብዘተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ዘብኩሩሉ እዋን ናይ ስራሕ ምጉታት ክረአ ግድን'ዩ። ብፍላይ እቲ ጸገም ከም ሕማም ዝኣመሰለ ቅቡል ምኽንያት ምስ ዝኸውን ድማ እቲ ሰራሕተኛ ዝወቐሰሉ ኣይኮነን። ይኹን እምበር ኣብ ከምዚ ኩነታት ተቐባሊት ገንዘብ ተሓጋገዝቲ ክግበረሎም ግቡእ ይመስለኒ። እቲ ዝተፈጥረ ናይ ስራሕ ምጉታት ከኣ ተቐባሊ ገንዘብ ብምሕማሙ ጥራይ ዘይኮነ ተተካኢ ብዘይ ምህላዉ'ሞ ንመጻኢ ይተሓሰበሉ።

*ሰምረት ኣርኣያ - ኣስመራ*

## መርዖ - ብዕዱም ኣይትጻወቱ!!

ኣንቱም ሰብት ቁሩብ ጸገርናኳ ኣይክበዶምን። ኣብ ሆቴላት ኣብ ዝግበር መርዖ ሰብ ወራይ ንዕዱም ንድረር ሰዓት 6.00 ኢሎሞ ከብቅዑ ሰዓት 8.00 እውን መርዓውቲ ኣይመጹን እዮም! እንታይ ዝበረ ዕዱም'ዩ ንሰዓታት ቀንፈዘው ክብል ዘምሲ! መርዓውቲ ክሳብ ዝመጽኡ መኣዲ ኣይቅረብ ዋላ ተቐሪቡ ዘሎ መስተ ኣይከፈት!! እንታይ ዓይነት ናይ ዘይብሉላት ስራሕ'ዩ እዚ! ብፍላይ እቶም ካብ ካልኦት ከተማታትን ዓድታትን እምጽእ ዕዱማት ኢና ድማ ግዳይ እንኸውን። እቲ ካብ ገዝኡ ዝመጸእሲ ከም ሻሙ ጠፊኢሙ ይመጽእ ይኸውን። ኣረ ናይቲ ጥሜትስ ደለኡ ምኾነ። ንሱ መርዓይ ጽንብሉለይ! ሸሻየይ ኣዳምቐለይ! ኢልካ ለመና ሓዊስካን ገዛ ገዛ ኬድካ ዓዲምካ፡ ኣብ ግዜ'ቲ ጽንብል ሰብ ፍጮም ኣብልካ ክትውዕል! ድረር ሰዓት 6.00 ኢልካ ከተብቅዕ ክልተ ሰለስተ ሰዓት ደንጉኻ ክትመጽእ እንከለኻሲ ቁሩብ ስክፍታ የለን ድዩ! እቶም ወለዲ መርዓውቲ ድማ ሰዓታት ምድንጓይ ከም ቅቡል ግዲ ሓሲቦሞ ኮይኖም፡ ንስለ ቀልዓለም'ውን "ኣንታ ደንጉናኩምዶ!" ዝበሉ እቶም ዝውሓዱን ክብሪ ሰብ ዝፈልጡን'ዮም። እቶም ክብሪ ሰብ ዘይፈልጡ ግና ንክልም'ውን ክብሪ ዝኮደሎም'ዮም ማለት እንደዩ ፍጹም'ውን ዝሓስቡዎ ኣይኮኑን።

ስለዚ ኣብ መወዳእታ እዚ መርዓውቲ ዝጉበኡዎ ዘለዉን ብወለዶም'ውን ከም ቅቡል ዝወሰድ ዘሎን ንዕዱም ንሰዓታት ፈጢምካዮ ምውዓል ነውርን ንፈጸምቲ ድማ ዘከምትን ብምኻኑ ሰብ ወራር ክጥንቀቐሉን ንዕዱማት ክብሪ ክህብዎምን ይግባእ እብል። ብዕዱም ምጽዋት ተገልቢጡ ንዓኻ'ዩ ዘነኣኣካ!

*ግራዝማች ዘራጸዮን ዘርኢማርያም - ኣስመራ*

*ተመሃሪ ደብዳቤ ኣቶ በርሀ ሃብቱ - ኣስመራ*

*ጀማል መሓመድ ኣማን - ኣስመራ*

## ባንኪታት ኣሓፍ ምክትታል ይሓቱ

ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ዓምዲ ደብዳቤታት ኣንበብቲ "ኩምራ ኣሓፍ ኣብ ጥቓ ጀርዲን" ብዝብል ኣርእስቲ ዝተጻሕፈ ርእይቶ ነይሩ። እቲ ጽሑፍ ኣገዳሲ ጥዑናዊ መልእኽቲ ዝሓዘለ ኮይኑ፡ ብወገነይ ኑቲ ዝተጠቕሰ ቦታ ብዓይነይ'ኳ እንተዘይረኣኹዎ፡ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸገም ግን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኣስመራ ልሙድ ተርእዮ ምኻኑ ምስክርነት ዘድልዮ ኣይኮነን። ብዘወሳኺ ባንኪታት መለኣም ኣብ ከበኡ ዝጓሓፍ ርሱሓት'ውን ማእለያ የብሉን።

ኣብ ከባቢ ቤተ ክርስትያን እንዳ ገርግሽ ዘሎ ባንኪ ከም ኣብነት እንተወሰድና ጓሓፍ ምስ መልአ ኣብ እዋኑ ስለዘይለዓል ኣብ ዙርያ ናይቲ ባንኪ ዝተደርበየ ጓሓፍ ብብዝሒ'ዩ ዘሎ። ኣብ ጎደና ኣፍዓበት መኣከቢ ርሱሓት ተባሂሉ ዝተገበረ ባንኪ'ውን ከምቲ ዝድለ ምክትታል ስለዘይግበረሉ ጠንቂ መኣከቢ ርሱሓት ዝኾነሉ እዋን ኣሎ። ንምኳኑ እዞም ባንኪታት ምስ መልኡ ኣብ እዋኑ ዘይለዓሉሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ? ክፍሊ ጽሬት ምምሕዳር ዞባ ማእከል ምክትታል ይግበረሉ።

*የማን ይሕደጎ - ደባርዋ*

## ፈተና ዘወሃበሉ ግዜ ብልክዕ ክሕበር ነይሩዎ

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ሚያዝያን ቴክኒሻናት መጻዓዚያ ምድሪ ኣብ ባጽዕ ፈተና ሂቦም ምንባርም ይፍለጥ። ቀዳማይ ሕጂ ፈተንቲ ኣብ ወርሒ ጥሪን ለካቲትን ይመጹ ብምንባርም ኣብዞም ዝተጠቕሱ ኣዋርሕ ምስብዞግበሩ ከም ኣስተርእዮን ፈንቅልን ዝኣመሰሉ በዓላት እቲ ግዜ ብፍላይ ንተማሃሮ ምቹእ ኣይነበረን። ሎሚ ዓመት ግና ፈተና ደንጉዩ ኢዩ ተዋሂቡ።

እንተኾነ እቲ ዝተገብረ ናይ ግዜ ምቕይያር ብግቡእ ስለዘይተሓበረ ኣብ ልዕሊ ተማሃሮን መማህራንን ምድንጋር'ዩ ፈጢሩ። እቶም ኣብ ወርሒ መጋቢት ዝመጹ ፈተንቲ ናይ ቃልን ማሰናኽልን ፈተና ጥራይ ብምሃብ፡ ናይ ከተማ ፈተናን በሎን ድማ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ተኻይዱ። እዚ ናይ ስራሕ መደብ ኣቐዲሙ ስለዘይተሓበረ ግን ገለ ተማሃሮ ብዘይ እኹል ምድላው ኣብ ፈተና ክኣትዉ ከለው፡ ገሊኦም ከኣ ተንቀሳቒሶም ስለዘጸንሖ ፈተና ሓሊፋዎም።

ካልእ ዘዘርብ ጉዳይ እንተሃልዩ ንሳልሳይ ደረጃ መምርሒ ፍቓድ ዝምልከት'ዩ። ከምዝፍለጥ ንሳልሳይ ደረጃ ክመሃር ዝደለ ሰልጣኒ ካልኣይ ደረጃ መምርሒ ፍቓድ ምስ ሓዘ ክልተ ዓመት ክጸንሕ ኣለዎ። ኣብ ባጽዕ ግን ካብዚ መምርሒ ወጻኢ ገለ ኣብያተ ምምራሕ መኪና ተማሃሮ ክምዝግቡ ዝፈተና ኣለዉ። ብዘወሳኺ ኣብዘን ኣብያተ ትምህርቲ መማህራን ኮይኖም ዝሰርሑ ናይ 2ይ ደረጃ መምርሒ ፍቓድ ዘለዎም ኮይኖም፡ ኣብ እዋን ፈተና ንይምሰል 3ይ መምርሒ ፍቓድ ዘለዎ ሰብ ከምዝመጽእ ይግበር። ስለዚ እዞም ዝተጠቕሱ ጸገማት ንቑጻሊ ምክትታል ይገበረሎም።

*በርሀ ኣብርሃ - ኣስመራ*

## ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ቀላሕታ ይግበረሉ

ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ካብ ትካላትን ውልቀሰባትን ግብሪ ብምእካብ ኣታዊታት መንግስቲ ዘዕቢ ኣገዳሲ ምንጪ ኣታዊ እዩ። እቲ ዝእከብ ግብሪ ድማ ተመሊሱ ኣብ ምስፍሕፋሕ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብምውዓል ንህዝቢ ኣብ ዘርብሕ መዓላ'ዩ ዝውዕል። ነዚ ብምግንዛብ ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ግብሪ ብጽሬት ንምእካብን ስሉጥ ኣገልግሎት ንምሃብን ኣጉዚብ ኣሰራርሓኡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ምምሕያሽ ይርከብ። በዚ ድማ ክምስገን ይግባእ።

በዚ ኣጋጣሚ ኣብ ስራሕ ዝጋጥሞ ገለ ጸገማት ክጠቅስ ክፍትን። እቲ ተኣታትዩ ዘሎ ሓድሽ ስርዓት ብቴክኖሎጂ ዝሰርሕ ኮይኑ፡ ኣብ ገለ እዋን ሰርቨር ተበላሽዩ ተባሂሉ ስራሕ ዝጠናጠረሉ እዋን ኣሎ። ኣብ ርእሲኡ ዋሕዲ ተቐባሊት ገንዘብ ስለዘሎ፡ ዓማዊል ኣብ ሪጋ ነዊሕ ኢያም ዝጸበዩ። ገለ ሰራሕተኛታት'ውን ሰዓታት ስራሕ ስለዘኽብሩ ኑቲ ጸገም መሊሱ ዘጋድድ'ዩ ዝኸውን። ወርሓዊ ግብሪ ዝሰርሑ ፍሉጣት ሰራሕተኛታት ዘይምህላዎም'ውን ንዓማዊል ተወሳኺ ጸገም ይፈጥር ኣሎ።

ተገልገልቲ ብሓፈሻ ግብሪ ክኸፍሉ ዝመጹ ዓማዊል ድማ ብፍላይ ኣብ እዋኑ ግቡእ ኣገልግሎት ክረኽቡ ከምዝለዎም ኩላትና እንሰማማዓሉ እዩ። ግብሪ ዘይተርፍ ግቡእ ዜጋታት ኮይኑ፡ ኣብ እዋኑ ዝእከብ ግብሪ ከኣ ንህዝብን መንግስትን ዘርብሕ እዩ። ዝበዝሕ ክፋሊ ግብሪ ግቡኣቶም ዝፍጽሙ'ኳ እንተኾኑ፡ ሰኣን ኣፍልጦ ግቡኦም ካብ ምፍጻም ክሃድሙ ዝፍትኑ ዜጋታት'ውን ኣይተሳእኑን። ስለዚ መራኽቢ ብዙሃን ሃገርና ፍሉይ ጎስጓስ ክገብራሉ ኣዘኻኽር።

*ማሕታ ካብ ኣስመራ*

## ብሓባር ክንቅጻዕ ቅኑዕ ድዩ?

ንኣገልግሎት መጻዓዚያ ኩባንያ ሓረት ብዝምልከት'የ ክዘረብ። ኩባንያ ሓረት ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ኣብ መስመር መንደፈራ ማይድማ ኣገልግሎት ክህብ ድሕሪ ምጅማሩ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ዝነበረ ጸገም መጻዓዚያ ተቓሊሉ ይርከብ። በዚ ድማ ኑቲ ኩባንያን ኣባላቱን ከየመስገንኩ ክሓልፍ ኣይደልን። ዝሓለፈ እዋን ብሰንኪ ሜኣሲ ክልተ ተሳፈርቲ ዘጋጠመና ከልበትበት ግን፡ እቲ ኩባንያ ጸገም መጻዓዚያ ንምፍታሕ ንዝገበሮ ዘሎ ጻዕሪ ዘተዓናቕፈ ብምኻኑ ብዝዕባኡ ገለ ክብል።

ኣገልግሎት መጻዓዚያ ሓደ ካብቶም ብቐጥታ ምስ ህዝቢ ዘራኽቡ ስራሓት እዩ። ክንድዝኾነ ዝተፈላለዩ ባህርያት ዘለዎም ተሳፈርቲ ኣብ ዝራኸቡሉ እዋን ንመምርሒታት መጻዓዚያን ንሓድሕዶምን ክከብሩ ይግባእ። ኣብ ገለ እዋን ግን ተሳፈርቲ ናይ ሓድሕዶም ባህሪ ሰኣን ምጽዋር ንኩሎምን ካልኦትን ከጸግሙ ይረኣዩ። እቲ ንማይድማ ክንከይድ ኣብ መንደፈራ ዘጋጠመ ህውከትን ብሰንኩ ዝኸፍለ ምስራዝ ጉዕዞን ከኣ ናይዚ ኣብነት እዩ።

ኣብቲ ዕለት ካብ ወጋሕታ ኣትሒዝና ኢና ሪጋ ገርና። ድሕሪ ነዊሕ ትጽቢት ድማ ኣውቶቡስ ተመዲባትልና። ብሪጋና መሰረት ትኬት ቀሪጽና ክንጠቅስ እናተጸበና ግን ጠንቁ ብዘይፈለጥናዮ ምኽንያት ክልተ መንእሰያት ተባኢሶም። ብሰንኩ ከኣ ንዓና ብምውራድ እታ ንማይ ድማ ክትከይድ ዝተሓሰበት ኣውቶቡስ ንቐናናፍ ከምእትኸይድ ተገበረ። ብሰንኪ ሜኣሲ ክልተ ተሳፈርቲ ህዝቢ ምሉእ ክብደል ከኣ ኣይተዋሕጠልናን። እቶም መንእሰያት ዝገበሩዎ ቅኑዕ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ኣባላት ኩባንያ ሓረት'ውን ብኣልማማ ኣብ ክንዲ ዝቐጽዑና ኑቲ ጉዳይ ብህድኣት ክሕዙዎ ምተገብአ።

*ኮኾብ ኣባይ - ማይድማ*

*ተመሃሪ ደብዳቤ ተወልደ ዓንደይ - መንደፈራ*




# ብስሙ ዝተጸልወ

ኣማረ ወልደሰላሰ

ህባዩ፡ ዝበኣዩ፡ ምጹጽላዩ፡ ሓርገጺይን ኪሮሳይን ዝበሃሉ ኣስማት ዘውጽኡ ሰባት ኣለዉ። ንሳቶም ሰዓብቲ ማሪታዊ እምነት እዮም። ስለ ምንታይ ከምኡ ዓይነት ስም የውጽኡ እንተ ተባሂሉ ድማ፡ ንፈጣሪ ኩሉ ዓለም ንምድንጋር ዝብል መደንገጺ መልሲ ይወሃቡ።

ካልኦት ግን ስም፡ ንመለለዩ፡ መፍለዩ ጸታን መግለጺ ምጽዋትን ንኸኸውን እዮም ዝጥቀሙሉ። ከንዲ ዝኾኑ፡ ንኣንስትየ ደሃብ፡ ኣልማዝ፡ ኣስቴር፡ ኣብርሃት፡ ብርኽቲ፡ ንተባዕትዮ ድማ መንገሻ፡ ሃይሉ፡ በላይ፡ መንግስ፡ በረኸት፡ እናበሉ ይሰይሙ።

መብዝሕትኡ እዋን ስም ዘውጽኡ ኣባላት ስድራ ቤት'ዮም። ሳሕቲ ግን፡ ሓለፍቲ መንገዲ'ውን የማኽሩ'ዮም። ንሳቶም፡ ንትምኒቶም ወስጠዘ ብዘለዎ ቋንቋ ክገልጹ እንክደልዩ፡ ኣስማት እናመሰርሑ፡ 'ተኽሉ፡ ትዕበ' ብምባል መለለዪ የጋውኑ።

ቡታ ቀዳመይቲ ተባዕትዮ ቡታ ካልኣይቲ ድማ ኣንስትዮ ይርቀሓ። ብዘይ ኣፈላላይ፡ ንኽልተኦም ዘገልግላ ኣስማት'ውን ኣይሰኣናን። 'ሰላም'፡ ሓንቲ ካብዘን ክምዚኣን ዓይነት ኣስማት'ያ። እዛ ስም፡ ዕግርግር፡ ሕንፍሽፍሽ፡ ውግእን ወረሑን ኣኽቲሙ ሰላም ክሰፍን ዝምነዩ ሰባት ዘውጽኡዋ እያ።

―――

ኣብ 2002 ዓም'ዩ። ኣብ ኣስመራ፡ ጥቓ ደብረ መንቀርዮስ ኣብ ዝርከብ ግዝውቲ ሓንቲ ኣደ ትግላገል ከም ዘላ ንምብሳር ዕልልታ ተሰምዐ። ኣቡቲ ህሞት'ቲ፡ ኢታይ ምስላ፡ እተባህላ መንፈሳዊት ብቕድሚ ቀጽሪ እንክሓልፉ፡ ኑቲ ዕልልታ ሰምዐኦ።

ንሰን፡ ክንደይ ሻዕ ከም ዝዕለል ምእንቲ ክጥልላ ደው ኢለን ተጸናጸና። "ሓደ፡ ክልተ፡ ሰለስተ፡ ኣርባዕተ..." ፈቐዱ። ኑቲ ዝደልይኦ ምስ ኣረጋገጻ ግን፡ ምፍቃድ ኣቋሪጸን ዕልልታ ሰሚዐን ምስ ዝጉዓዛ ኣንስቲ ተጸንበረን ናብቲ ቀጽሪ ኣምርሓ።

"ዕልልታ'ኽን ሰሚዐ ተኣልየ። ጥዕይቲ ሓራስ ድያ እዘን ደቀይ?" ሓተታ ኢታይ ምስላ ኑተን ኣብኡ ዝጸንሐኣን ኣሕረስቲ።

"እወ ብጽእቲ ኣደይ ኢታይ፡ ኣምላኽ ይኸበር ይመስገን፡ ሳላ ጸሎትኽን ለመናና ተሰሚዑ!" ሓንቲ ካብተን ኣንስቲ ወዓይዓይ እናበለት መለሰት።

"ቁልዑ ሎሚ በየም፡ ሴንሁር ዝብል ዘይናትና ስም ምውጻእ ኢኸን ትፈትዋ'ምበር፡ ኣነስ ዝተበረሃትኒ ስም ክረቀሕ መጺአ ኣለኹ። ትቕበላኒ ዲኽን?"

"እግርኽን እንደዩ ባዕሉ መሪሑ ኣምጺኡክን ብጽእቲ ኢታይ! ንቕበለክን ኢና እምበይተይ!" መለሰት ውዕይቲ ሰበይቲ ሰምዒት እናሰዓረ።

"ኣምላኽ እንደዩ ባዕሉ መሪሑ ኣምጺኡክን! ንዓኽን ዘይሰማዕና ደኣ ንመን ክንሰምዑ፡ ርቐሓ! ደርሓስና ክንብል ኢና።" ዝረባ እታ ውዕይቲ እናኣረመትን እናጸባበቐትን መለሰት

ምስተን ዘሕርሳ ኣንስቲ ዝጸንሐት ኣደ'ታ ወዲ እተገላገለት ሰበይቲ።

"መንቀርዮስ ይስምዑኽን ብሩኻት! 'ሰላም' ዝብል ስም ረቕሒ ኣለኹ።" በላ ኢታይ ምስላ። ከመቕጸብት ድማ ግልብጥ ኢለን ጉዕዞኣን ቀጸላ። እታ ውዕይቲ፡ ንሰን ክሳዕ ዝርሕቓላ ተጸብየት። ምኻደን ምስ ኣረጋገጸት ግን ብሰሓቕ ተፋሕሰት።

ውዕይቲ ቡቲ ሰሓቓ ረሰነት። ቀሩብ ጸኒሓ ድማ ንቅመናኣንን ኣሳዕጉማኣንን ቀዲሓ ክትዋሳእ ጀመረት። ብኮነታታ ዝተሓከያ ኣንስቲ ኣውክዮ፡ ኑቲ ላግጺ ዝጸልኣ ኣሕረስቲ ግን፡ ተግባራ ጌጋ ምኻኑ እናሓበራ ኣብ ረርእሲ ብምዝራብ ገሰጽኣ።

"ነውራ ነውሪ! ከም ጥዑይ ክትሰምዕየን ጸኒሕኪስ ክትላግጺ! ደይ ንሰኽሰ ምስ ኣረግኪ ከምኣን ክትጉብጢ ኢኺ። ይብቀሰኪ! ክንደይከ ትኽእሉ!" ኣደ ሓራስ ብወገና፡ ኑተን ገሰጽቲ ብምውሓል፡ ኣትሪራ እናገንሐት ኑቲ ዛዕባ ክትድምድሞ ጸዓረት።

"ክኣርግ ማለት ደዩ? ኣይቀዝፍ እምበር ንሰብ ደሓን። እርጋንኮ በዓል ዕድል'ዩ ዝረኽቦ። ግን ወላ እጠስጥስ ከምኣን ኣይድርበሸን።" ተመላሓሰት ውዕይቲ።

"ከምኣን ኣይድርበሸን? እንታይ ኮይነን ተደርቢሸን?" ሓተተት ኣደ ሓራሱ።

"ወዲ ደዩ ጓል ከይብላ ስም ረቕሓን። ተባዕታይ ተወሊዱ። ንሰን ግን ኣንስተይቲ መሲላተን "ሰላም" ዝብል ስም ረቕሓን።"

"ንሰኺ ኢኺ ተደርቢሽኪ!" ብዙሓት ካብተን ኣሕረስቲ ብሓደ ድምጺ ብምዝራብ ኣትሪረንን ብዓውታ መጉተኣ።

"ብኸመይ ተደርቢሸ?" ተጋሕግሐት ውዕይቲ ንኹለን እናገጠመት።

"ሰላም እኮ ጸታ ዘይፈሊ ስም'ዩ። ንሰኺ ግን ናይ ኣንስትዮ መሲሉኪ። ንሰን ናብዚ እንክመጹ ኑቲ ዕልልታ ይፈቕዳ ከም ዘበራ ተዓዚበ'የ። ተባዕታይ ምኻኑ ኣረጋጊጸን ከም ዝኣተዋ ኸኣ ኣየጠራጥርን።" ኣደ ሓራስ ኑተን ገሰጽቲ ወኪላ ተዛረበት።

ድሕሪኡ፡ መን ሰማዒት መን ተዛራቢት ምኻና ብዘይፍለጥ መገዲ እናተመላለሳ ኑቲ ገዛ ብጫቕጫቕ መልኣ። ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ብዙሕ ዓውዓው፡ ክትዕን ወኻዕታን ተሸሚመን ከለዋ፡ ኣደ ሓራሱ ናብ ሓንቲ ረዛን ሰበይቲ እናተመልከተት ተዛረበት።

"መምህር! ንምንታይ ተጽቅጢ? ንሰኺ ማእለያ ዘይብሎም ኣስማት መዝጊብኪ ኢኺ። ተዛረቢ!" ንሰኺ ዳንይና! ብፍርድኺ ክንፍጸም ኢና!"

"ሓቀይ'የ፡ ኣነ'ውን ኣይምኻሕን። ሰላም ናይ ኣንስትዮ ጥራይ ይመስለኒ ነይሩ። ዳሕራይ ግን፡ ቡታ ስም ዝጽውዑ ብዙሓት ተባዕትዮ ኣብ መዝገበይ ኣሰፊረ። ድሕሪኡ፡ ሰላም ጸታ ከም ዘይፈሊ ተረዲኡ።" መምህር፡ መስከረትን ዳኘትን። እቲ ክትዕ ድማ መዕለቢ ረኸበ።

ድሕሪ ቀሩብ ምልልስ፡ ዛዕባ ተቐየረ። ኣሕረስቲ ካልእ ኣርእስቲ ኣልዒለን ዘተያ። ኣብ መንጎ ግን፡ ኣደኦም ምሕራሳ ዝተሓበሩ ስድራ ቡቡሓደ ኣተዉ። ንኹሎም ድማ ሓንቲ መንገደኛ ኢታይ፡ ሰላም ዝብል ስም ከም ዝረቐሓሉ እናተሓበረ፡ ግብረ መልሶም ተሰምዐ።

ገለን 'ኣረጊት ስም'ዩ' ክብሉ ተቓወሙ። ኣቦ ህጻን ግን፡ ብተረኹብ ዘረባ ኣቢሉ ድጋፉ ኣፍለጠ። "ሓደ እንፈትዎ ዓርኪ ኣለና፡ ንዕኡ 'ሰላም ሰላም' እናብልና ንውከሶ" በለ እናኾመሰመሰ።

"ከም ሃረምቲ ኮምፒተር ክልተ ሻዕ ስለምንታይ ትጥውቒዎ? ሓንቲ ሰላም ዘይትኣኽሎ።" ሓተተት ውዕይቲ። መመሊሳ ከም ዝትድርበሸ ዝተሰቁረን ሰሓቓን መግለጺ ሃጠን።

"ኣንቲ ኣብዲ! ኣብ ክንዲ ንልሳንኪ ንርእሰኺ ኣስርሕዮ! ቀዳመይቲ ሰላም ሰላምታ፡ ካልኣይቲ ግን ስሙ'ያ። ከምኡ እንድ'ዩ ሓቀይ?" ውዕይቲ ምስ ተደርበሸት ክትእርም ዝወዓለት ኣደ ሓራስ ንኣቦ ህጻን እናጠመተት ተወከሰት። ኣቦ ብወገኑ፡ ርእሲ ብምጥላቕ ንስምዒቱ ገለጸ።

***

ንደገፍቲን ተቓወምትን ዘኾትዕ ስም ዝተኻወነሉ ህጻን፡ ተጠመቐ። ስመ ክርስትና ተዋህቦ። ስመ ዓለሙ ድማ 'ሰላም' ምኻኑ እናተነግረ ኣብ መዝጉብ ሰፈረ።

ቀሰ ብቐስ እቲ በዓል ትርጉም ስም ንብዙሓት ማረኸ። ሳላ ፍሉይ ስሙ ድማ፡ ህጻውንቲ ዘቐርቡ ሰባት'ውን ከይተረፉ ኑቲ ዕሸል ፈተውዎ።

ህጻን እግሪ ተኸለ። ምጽዋት ጀመረ። መኩኡ፡ "መን ስምካ? መን ስምኪ?" ዝበሉ ዓበይቲ ኣብኡ መምስ በጽሐ፡ "ወዲዶ ጓል?" እናበሉ ከም ዘትክሩዎ ኣስተውዓሉ። በዚ፡ "እንክትሕተተት፡ ሰላም ወዲ በል፡" ክብል መኸሩዎ።

ንሱ፡ ኣብ መንጎ ወዲን ጓልን እንታይ ዓይነት ፍልልይ ከም ዘሎ ገና እንከይተሰወጦ ኑቲ ምኽሪ ተቐበሎ። ኣብ ግብሪ'ውን ኣውዓሎ። ዓበይቲ ኑቲ ካብ ኣንደበት ህጻን ዝቅል መልሲ፡ "ምቀር" ክብሉ ገለጹዎ። ኑቲ ህጻን'ውን ዝያዳ ፈተውዎ።

ኣይደንጎየን፡ ካብኡ ዝዓበዩ ደቂ ግዝውቲ ንትርጉም ስሙ ብምርዳእ፡ ዓውዓው፡ ክትዕ፡ ቈይቀን ባእስን ኣብ ዘዘገሰሉ ኣእዳዉ ዘርጊሑ፡ ሰላም ምእንቲ ክሰፍን ኣብ መንጎ ተፋጠጥቲ ክዋዛር መኸሩዎ።

ዚ'ውን ተመሃሮን ተግበሮን። በዚ ስጉምቱ፡ ብዙሓት ፈተውዎ። "ሰላም ሰላማዊ"፡ "ሰላም ለባም" "ሰላም ስሉም" ብዝብሉ ቅጽላት እናጸውዑ ነኣዱዎ። ኣብ መወዳእታ ግና፡ "ሰላም ዓቢ" እትብል ቅጽል ንኹሎም ዓብሊላ ብእኣ ጥራይ ክጸዋዕ ጀመረ።

በዚ ኸምዚ፡ ህጻን ሰላም፡ ከም ዓቢ እናተሓሰበ ዓኸኸ። ብመወዳእታ ህጻናት ሓሊፉ ተማሃራይ ካልኣይ ክፍሊ ኾነ። ሽዑ እታ ኣብ ግዜ ሕርሱ ዝተረኽበት ዓባዩ ብወቓዒ ልቢ ተሃረመት።

ስድራ ቤቱ፡ ነዛ ዓባዩ ብቐረባ ምእንቲ ክከናኸኑዋ ምስኦም ኣቐሚጦም ከነታታ ተኸታተሉ። ኣቡቲ እዋን'ቲ፡ ህጻን ሰላም ቡዓዚ ኮነት ኣጋነፎ።

ይኹን እምበር፡ ንሱ፡ ኑቲ ቡዓዚ ኮነት ገጠሞ። ንኣሕዋቱ እናብረየ፡ ነታ ኣብ ዓራታ ተጋዲማ እትውዕል ዓባዩ ብተኣማንነትን ሓላፍነትን ምሕላው ለመደ። በጺሕቲ ነኣዱዎ። "ሰላም-ዓቢ!" ንእትብል ቃለ ናእዳ እናደጋገሙ ድማ ኣደናቒቶም ኣዕረጉሉ።

ሓደ መዓልቲ፡ ንሱ፡ ኣቡቲ ገዛ ኣብ ዘወዓለሉ ዕለት፡ ዓባዩ፡ ከም ወትሩ 'ገለ ኣቐብለኒ' ክትብሎ ስለ ዘይተዛረበት፡ ናብ ደገ ወጺኡ ምስ ኣዕሩኹ ክጻወት ወዓለ።

ኣብ መወዳእታ፡ ምስ መሰየ፡ ኣብ መግሻ ጸኒሖም ደንጉዮም ዝኣተዉ ኣቦኡን ኣደኡን ከነታት ተዓዚቦም እስትንፋስ እታ ዓባይ ሰበይቲ ሃጢማ ኣላ ክብሉ ጠርጠሩ።

"ደቂሳ ኣላ! ኣይተብራብሩዋ!" በለ ሰላም፡ ኣቦኡን ኣደኡን ጥርጣሬኦም ከረጋግጹ ምስ ተጸግዑ፡ ኣዴ ኑቲ ዝተፈጥረ ኩነት ብዘተረድኣት ከም ሕሱም ኑብዑትን ኣእወየትን። ህጻን ሰላም ንዓኣ ርእዩ በኸየ። ሞት ማለት እዝዩ ዝሽፍአ ነገር ምኻኑ ድማ ቡቲ ሽዑ ዘጋጠመ ክስተት ተመኩረ።

ዓባይቲ ክእብዱዎ ፈተኑ። ንሳቶም፡ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ተዓወቱ። ስድራ ቤት፡ ኣብ ሓዘን ቀጸለት። ሽዑኡ፡ ጉረቤቲ ንግርህት ሰላም ጸቒጦም ኣዕለሉሉ።

"ምስኪን ሰላም ዘደቀሰት መሲሉዎ። ብቐደሙ፡ ብስሙ ተጸልዩ ከም ዓቢ ተዋሲኡ እምበር ንኡሽተይ እንድኣሉ።" እናተባህለ ከኣ ብጉዳይ ኣሲያይማ ብዙሕ ቀምገር ተዛረቡ።

# መማቕርቲ

ሳሙኤል ገብረብርሃን

## ኣገዳስነት ኣድህቦ

ኣድህቦ ማለት፡ ንኣቓልቦኻ ኣብ ሓደ ነገር ኣቝምካ ምሓዝ ማለት እዩ። እዚ ከኣ ንሓደ ነገር ክንወጥን ኮነ ክንፃፀም እንክሎና ዝህልወና ኩነተ-ኣእምሮ ዝገልጽ'ዩ። ኣብ ዓለም እቶም ዝፃለዩ ዓወት ዘመዝገቡ ሰባት፡ እቶም ንኣድህቦኦም ክገዝኡ ዝኽኣሉ እዮም። ኣልበርት ኣንስታይን ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ክሳብ



ብኸፊሚ ከኣ ኣብዛ ዓለም ዝበዝሐ ምህዞታት ንምብርካት ተበቒዑ። ንሕና'ኸ ኣድህቦና ኣብ ምግዛእ ዕዉታት ዲና.... ዝበዝሕና ዳርጋ ስምዒታውያን ኢና። ንኣብነት፡ ሓደ ነገር ምስዘጋጥመና ብፍላይ ዜጨንቕ ምስዘጋጥመና ፍታሕ ክኸውን ዝኽእሉ ከምራ ሓሳባት ብቐጻሊ ኣይኮነን ዝነብሩና። ሓደ ነገር ምስጓዳና ድማ ምናልባት ሓንቲ ለይቲ እንተሓደርና ሻቡ እቲ ስምዒትና ይጎድል ወይ ይሃድእ፡ ምስኡ ከኣ እቶም ኣብቲ ናይ ጭንቀትና ህሞት ዝፈጠርናዮም ሓሳባት ይቕህሙ፡ ወይ'ኸፍጽሙ ዘይክእሉ ኮይኖም ክስምዑና ምስጀመሩ ባዕልና ንድርብዮም (ነወድቖም)። ብኸፊሚ ከኣ ዕብዩ ዝበለ ነገር ከየበርከትና ዓለም ተርክበና። ስለዚ፡ ድሌታትና ምስፈለጥና ወይ እቲ ክንገብሮ ንሓስቦ ምስተለምና፡ ነቲ ዝወጠንናዮ ዝግባእ ኣድህቦ ክንህቦን ዋጋ ክንከፍለሉን ይግባኣና።

ፕረሲደንት ናይ እስራኤል ክኸውን ዝኣክል ዕድመ ክቐርበሉ እንከሎ፡ ብሰንኪ ኣድህቦኡ ኣብ ርኽበታት ምንባሩ ነቲ ዝቐረበሉ ዕድመ ነጺጎም'ዩ። ብተወሳኺ ቶማስ ኤዲሰን ንመብራህቲ (ልቺ) ንኽፍምህዝ ልዕሊ ዓሰርተ ሽሕ ዘይዕወታት ፈተነታት ክሓልፍ እንከሎ፡ ተስፋ ዘይመቕረጹ ንኣድህቦኡ ክሳብ ክንደይ ይገዝኦ ምንባሩ ኢና እንዕዘብ።

ፊልሞን

## ተስፋን ህይወትን



ኣብ ጉዕዞ ህይወት፡ ተስፋ እታ ማዘና ኣልቦ ዝፃለየት ምስጢር እያ። ተስፋ ዘይብሉ ህይወት ዝመርሕ ሰብ፡ ልክዕ ከም'ቲ ብዘይ ማይ ኣብ ምድረበዳ ዝጉዓዝ ሰብ እዩ። ስለ'ዚ እምበኣር'ዩ ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ተስፋ ክህልወና ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኸውን። ህይወት ወዲ-ሰብ ብበዝሒ ሕልኽላኻትን ፈተናታትን ዝተጎብኣት'ያ። ዛዕም ብደሀያታት ብምግጣም ድማ ናብ ዝሓሸን ዝበለጸን መጻኢ ከምዕዱ ብልሓትን ጥበብን ይሓተና። ብዙሓት ሰባት፡ ኣብ ዓቕሊ-ጸበት (frustration) ዝመልኦ ህይወት ዝነብሩ፡ ጠንቂ ተስፋ ዝጎደሎ ህይወት ካብ ምምራሕ ዝምንጩ እዩ። ስለዚ እምበኣር ንህይወትን ማሕለኻታታን ንምስዓር፡ ተስፋ ሰፊሕና ክንጉዓዝ ይግባኣና። ተስፋ ምግባር ንሓደ ክትበጽሖ ዝሓለንካ ጉዳይ ኣብ መፈጸምታኡ ንምብጻሕ ከይሰልከኻ ብትግሃት ምስራሕ የድሊ። ምናልባት እቲ ኣብዚ ጥንቃቐ ክንገብሮ ዝግባእ፡ እቲ እንተሰፈዎ ነገር ዝጭብጥ እንተኾነ ተመራጺ'ዩ። እቲ ምንታይሲ ኣብ ዘይጭብጥ ነገር ተስፋ ምግባር፡ ኣብ ናይ ሕልሚ ዓለም ከም ምንባር ክኸውን ስለዝኽእል። ኣብ ህይወት ተዓዊትካ ብዙሕ ሃብትን ንብረትን ክተጥሪ ዝከኣል'ዩ። እዚ ከም ናይ መውዳእታ ግርካ እንተቐጺርካዮ ግን፡ ናይ ኣተሓሳስባ ድኽነት ከስዕበልካ ይኽእል'ዩ። ናይ ህይወት መውዳእታ፡ ዕላማ እምበር ገንዘብ ጥራይ ምኽዕባት ኣይኮነን። ከም ኣብነት እቲ ሓደ ካብ ዓለምና ዘለዉ ሃብታማት በልጌትስ እንተወሰድና፡ ካብ'ቲ ፍርቂ ዝኣክል ገንዘብ (30 ቢልዮን ዶላር)፡ ኣብ ምምዕባል ድኻታት ሃገራት የወዕሎ ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት እናተዘዋወረ ድማ፡ እቲ ብበልጌት ፋውንደሽን ዝፍለጥ ትካሉ፡ ክሳዕ ክንደይ ኣብ ህይወት ምልዮናት ሰባት ለውጢ የምጽእ ከምዝሎ ምዕዛብ፡ እቲ ዝፃለየ ዘዕጋቦ ነገር ምዃኑ ክገልጽ ሰሚዐዮ ኣለኹ። ካብ'ዚ ክንምሃሮ እንኽእል እምበኣር፡ ዋላ'ኳ እቲ ተስፋ ዝገበርናሉ ነገራት ኩሉ ዝበጽሕናዮ እንተመሰለና፡ ንተስፋ ዝሰኣኑ ሰባት ጨርሪ ተስፋ ብምሃብ ምንጪ ተስፋ ክንኮኖም እንክለና፡ ምልኣተ-ዕግበት ዝፈጥር ተበጉሶ እዩ። ንምጥቓሉ እምበኣር፡ ናይ ሓደ ሰብ ዓወት ወይ ወድቀት ብዝለዎ መጠን ተስፋ'ዩ ዝልካዕ። ተስፋ ዝቖረጸ ሰብ ድማ ናብ ብዙሕ ኣሉታዊ ነገራት ክምርሕ ስለዝኽእል፡ ኣብቲ ተስፋ ዘይብሉ ዝመስለና፡ ብዙሕ ተስፋ ከም ዘሎ፡ ብወሓዱ'ኳ ናይቲ ተስፋ ዘይብሉ ሰብ፡ ምንጪ ተስፋ ክንከውን ከምእንኽእል ኣሚንና ክንጉዓዝ ይግባኣና።

ሩት

## ኣደነቕቲ ሓቅታት

• ብሰንኪ ኣብ ጽርየት ከተማ እተዋጽኦ ጻዕሪ፡ ኣብ ሲንጋፖር ማስቲካ ምሕያኽ ብሕጊ ኩልኩል'ዩ። ማስቲካ ክትሕይኽ እንተ ደኣ ተረኺብካ ኣብ ጁባኻ ናይ ሓከም ወረቐት እንተሃልዩካ ጥራሕ ኢኻ ካብ መቕጻዕቲ እትድሕን።

• ሓደስቲ ዕሸላት ውልድ ምስ በሉ ደብኽዩ ኣየዖም። ግና ቅድሚ ሓደ ወርሒ ዘሎ ግዜ ንብዓት ከቶ ኣየውጽኡን። እዚ ድማ እቲ ነቲ ንብዓት ዘመሓላልፍ መትኒ ገና ምሉእ ብምሉእ ስለዘይማዕበለ'ዩ።

• ኣብ 1800 ዓ.ም፡ 24 ማንቲለታት ሓደ ውልቀሰብ ናይ ምህዳን ስምዒቱ ንምርዋይ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ኣእትዩወን። ድሕሪ 61 ዓመት ቁጽረን ናብ 400 ሚልዮን በጺሑ። ወላ'ውን ዓመታዊ ክሳብ 2 ሚልዮን ዝኸና ማንቲለታት እንተተቐትላ፡ ቁጽረን ግና ክንክዲ ኣይከኣለን

• ከምቲ ናይ ዝኾነ ወዲሰብ ኣሰር ኣጻብዕቱ ፍሉይ ዝኾነ፡ ናይ መልሓስና ስንብራት ድማ ፋሉይ'ዩ። እም'ኸ ደኣ መኣስ ኮን ኣሰር ናይ መልሓስ ምውሳድ ይጅመር ይኸውን።

• ሰገን ካብ ጸላኢታ ክትሕባእ ርእሳ ኣብ ሑጻ ትቕብሮ። ጠንቂ ናይዚ ዓይና ካብ ሓንጎላ ዝገዝፍ ሙኻኑ'ዶ ይኸውን?

## ሳዕቤናትን መፍትሕን ሕርናኽ

ሓደ ካብቶም መጻምድቲ ብሰሪ ዘለዎ ናይ ምሕርናኽ ጸገም፡ እቲ ሓደ መጻምድቲ ኣዝዩ ክሸገር እዩ ዝርኣ። ሓያለ ሰባት ብሰሪ ምሕርናኽ ዝምድንኦም ተበላሽዩ ናብ ፍትሕ ዝበጽሑ ከምዝለዉ ይገልጹ። እንተ ደኣ እቲ ዝሕርንኽ መጻምድኻ ቀዲሙኻ ደቂሱ፡ ድቃስ ዘይብልካ ክትሓድር ትኽእል ኢኻ። ካብቲ ድምጺ ንምክልኻል መተርኣስ ጌርካ ይሸፈኑ። ሓንሳብ-ሓንሳብ ድማ ናብ ሳሎን ብምኻድ ተዓሚጾም ይድቅሱ። ገለ

ጎረሓት ድማ ንመጻምዶም፡ እንዳነቓንቑ ክሳብ ድቃስ ዝወስዶም ብዋጋ ይጸንሑ። ምሕርናኽ መዓስ ኢዩ ዝረአ እንተ ደኣ ኢልና መብዛሕትኡ እዋን ኣብ እዋን ድቃስ ክኸውን እንከሎ፡ ሓደ ሓደ እዋን ድማ ኣብታ ቅጽበታዊ ሞት'ውን ዝረአ ኢዩ። ንጠንቂ ምሕርናኽ እንተደኣ ተዓዚብናዮ ድማ፡ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ምዕባስ ስርዓት ምስትንፋስ'ዩ። ስርዓት- ምስትንፋስ ምስ ተዓብሰ፡ ኣየር ካብ ግዳም ናብ ውሽጢ፡ ከምኡ'ውን ካብ ውሽጢ ናብ ግዳም ክወጽእ እንክሎ ምጭብባጥ ትንፋስ የጋጥም። እዚ ምጭብባጥ'ዚ ዝተፈላለየ ድምጺ ኣለዎ፡ ናይ ገሊኦም ጉዛ ይንቐንቕ፡ ናይ ገሊኦም ድማ ቀጢን ድምጽን ዓቕልኻ ዘጽብብ ይኸውን። መብዛሕትኡ ምሕርናኽ ጠንቂ ጥዕናዊ ጸገም ኣይኮነን። እንተኾነ ገለ ሰባት ክሕርንኹ እንከለዉ፡ ብሰሪ ጥዕናዊ ጸገም ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ናብ ሕክምና ኬድካ ምርግጋጽ ጸቡቕ 'ዩ። ኣብ



ገለ ሃገራት፡ እንተደኣ ሓደ ሰብ ከቢድ ናይ ምሕርናኽ ሽግር ዘለዎ ኮይኑ፡ መድሃኒት እውን ዝጥቀም እንተኾይኑ፡ ጥሮታ ምስ ወጺ ገለ ተወሳኺ ገንዘብ ከም ዝረክብ ተገይሩ ኣሎ። ካብቲ ዝገርም ነገር ግን ዚያዳ ሓርንኽቲ ደቂ ተባዕትዮ'ዮም። በዚ መንጽር እተን ዚያዳ ብድቃስ ዝሽገራ ድማ ሓርንኽቲ ሰበኣት ዘለወወን ደቂ ኣንስትዮ'የን። እም'ኸ ደኣ እዚ ነገር ንመጻምድኻ ድቃስ ዘይህብ ካብ ኮነ ንምህ ተንሰእካ ጸቡቕ መዓልቲ ክትውዕል ዝገን ዝስዕባ ነጥብታት ዘለካ ጸገማት ምሕርናኽ ንምቅላል ተጠቀመለን።

⁘ ምኽሳዕ ሓደ ካብቲ ጠንቂ ብምዃኑ፡ ክብደት ንምንካይ ቀጻሊ ስፖርት ምዝውታር።

⁘ ኣልኮላዊ መስተ ወይ ድማ ስብሒ ዘለዎም መግቢ፡ ቅድሚ ምድቃስካ ካብ ምብላዕ ምቑጣብ።

⁘ ምትካኽ ሽጋራ ምቁራጽ።

⁘ መተርኣስ ግርካ ርእስኻ ምቕናዕ።

⁘ ንጎድኒ ምድቃስ ወይ ብሸኑበድካ ምድቃስ። ገለ ሰባት ኩዕሶ ቴንስ ብሕቑኣም ወገን ብምቅማጥ፡ ንጥንቅሊዒት ካብ ምድቅስ ይቒጠቡ።

⁘ ቅድሚ ምድቃስካ፡ ኣፍንጫኻ ኣጽሪኻ ምድቃስ።

እዞን ዝተጠቕሳ ነጥብታት ፈቲንካ ምሕርናኽ ጠጠው ክብል እንተዘይከኢሉ ግን፡ ሕክምና ምኻድ ኣገዳሲ'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኣፋንጫኻ ዝንጸግ ወይ ድማ ፕላስተር ከምኡ'ውን መጥባሕቲ ክግበረልካ ስለዝኽእል።

## ግጥም መማቕርቲ

### ጉብረ ኣብ እንዳ ሕጽኖት

ኣብ ራሚና ጁሑ እናሰበረ ኣብ
ሴፍ
መልሐሱ ዘይትዓርፍ ሕላገታ ሌፍ
ኣሉዳ እናገሰሰ ናብ ቤቱ
ድቃስ ከሊኡ ንመርዓዊ ምስ
መርዓቱ።
ዘሎ ሰዋኣም መግቦም እናራማሰሰ
ከም ቁልዓ ንግደት ዓሰርተ ሳዕ
እናተመላለሰ
እልቢ ተንኮል፡ እልቢ ክፉኣት
እናፈሓሰ
ካብ ናይ ብራንዲ ኣዘንዓው
እናመልዓሰ
ሓያለ ዓመታት ተጻዊዙ
ዝኣከቦ ገንዘብ ኣብ ጅባኡ ነቒዙ።
ኣዩብልዓሉ ኣዩሰትየሉ
ኣይረማዩሉ ኣየጌጹሉ
ብራንዲ ንምቑራጽ ፍጹም ዘይቕደም
ካርታ እንተርእዩ
ንድቃስ ዘየሰንብዳ ዘዩብል ቀም
ጉብረ ዓርኪ ርእሱ ንወዲ ፈንጂ
እንዳ ሕጽኖት ዝኣድረሸኡ
ናይ ጋንጀታት ጋንጂ!

ኣብኑዳን - ካብ ኣስመራ

# ስፖርት

የናታን ገብርሂወት
yogh@zena.gov.er







## ድሮግባ ደግማይ ናብ ቸልሲ ተመሊሱ

ቅድሚ ክልተ ዓመት ካብ እንግሊዝ ናብ ቻይና ዘምርሐን ድሒሩ ምስ ቱርካዊት ክሉብ ጋላታሳራይ ዝተጻወተን ዲዴር ድሮግባ፡ ብመልክዕ ናጻ ምስግጋር ዳግማይ ኣብ'ቲ ንዓመታት ዝዓንደረሉ ሜዳ ስታምፎርድ ብሪጅ ንሓደ ዓመት ክጻወት ክታሙ ኣንቢሩ። ካብ ጋላታሳራይ ድሕሪ ምውጻኡ ወኪል ዘይጸንሖ እቲ ወዲ 36 ዓመት ኣይቮርያዊ ኣጥቃዓይ፡ ካብ 2004 ክሳብ 2012 ምስታ እንግሊዛዊት ክሉብ ኣብ ዝተጻወተሉ እዋን 10 ዝተፈላለየ ዋናጩ ዓትዒቱ።

ድሮግባ፡ "ዝቐለለ ውሳነ'ዩ ነይሩ - ምኽንያቱ እንደገና ምስ ጆሴ ንኻይ ምስራሕ ዕድል ክህልወኒ ስለዝዩክእል።" ክብል ንወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ ቸልሲ ገሊጹ። ንሱ ኣስዒቡ፡ "ምስዚ ክሉብ ዘሎኒ ፍሉይ ዝምድና ዳርጋ ከሉ ኣፍቃሪዚ ዓውዲ ስፖርት ይፈልጦ'ዩ፡ ቸልሲ ንዓይ ከም ገዛይ ኮይና'ያ ትስምዓኒ። ንምዕዋት ዘሎኒ ባህጊ ገና ክሳብ ሕጂ ሓደ እዩ ዘሎ። ኣዛ ጋንታ ዝሕግዘሉ ኩነታት ንምፍጣር ድማ ንቕድሚት የማዕዱ'ለኹ - ንዘለዕለ ምዕራፍ ሂወተይ ብዓወት መታን ክቕይሶ።" ኢሉ።

ኣብ 2004 ንመጀመርታ እዋን ምስ ቸልሲ ዝተጻንበረ ድሮግባ፡ ብ15 ኑሓሰ ናይ'ቲ ዓመት ኣንጻር ማንቸስተር ዩናይትድ ፈላሚ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ ኣካይዱ። ድሕሪ ሰሙን ናይ'ቲ ግጥም ድማ ኣንጻር ክሪስታል ፓላስ ቀዳመይቲ ሸቶኡ ኣመዝጊቡ። ብሓፈሻ ኣብ ናይ ሸሞንተ ዓመት ጻንሒቱ ምስ ቸልሲ፡ ኣብ ዝተሰለፈለን 341 ጸወታታት 157 ሸቶታት ኣብርኺቱ። እዚ ሓደ ካብ ዓርሞሽሽ ኣጥቃዕቲ ፕሪመር ሊግ ዝበረ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ 2007 ከምኡ'ውን 2010 ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ'ቲ ሊግ ብምዃን ንሽልማት ወርቂ ጫማ በቒዑ'ዩ።

"ንዝተሰርዓልና ግጥማት ብዓወት ክንወጽኦን ዋናጩ ክንጭብጦን ኢና እንደሊ - ድሮግባ ኣብ ኤውሮጳ ካብ ዘለዉ ብሉጻት ኣጥቃዕቲ ሓደ ስለዝኾነ ድማ ይመጽኣና'ሎ። ሰብኣውነቱ ይፈልጦ'የ፡ ኣገዳሲ ዝንኣድ'የ። ብዘሰርሖ ታሪኽ ክዕቆብ ዘይከኣለ ንዚያዳ ታሪኽ ንምስራሕ ዘኽእሎ መንፈስን ብስሉት ናይ ኣእምሮን ሓዙ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ።" ይብል ኣሰልጣኒ ቸልሲ ጆሴ ሞሪኖ።

ኣብ ዋንጫ ዓለም - ብራዚል፡ ሓንሳብ ምስ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ክልተ ግዜ ድማ ተቐያሪ ኮይኑ ዝተጻወተ ድሮግባ፡ ፈርናንዶ ቶረስን ሓድሽ ኣባል ዲየጎ ኮስታን ንዝሓቁፍ መስመር መጥቃዕቲ'ታ ጋንታ'ዩ ዝጽንበር ዘሎ።


## ሊቨርፑል ብሰንኪ መጉዳእቲ ንላላና ክትክስሮ'ያ

ሓድሽ ኣከፋፋሊ ሊቨርፑል ኣዳም ላላና፡ ኣብ እዋን ልምምድ ብዘበጠሞ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ኣብ መጀመርታ ጸወታታት'ዚ ሓድሽ ወቕቲ ከምዘይሳተፍ ተሓቢሩ። ኣብዚ ወርሒ ኑታ ክሉብ ዝተጸንበራ እቲ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣብ እዋን'ዚ ዑደት ናይ ቅድመ-ወቕቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ደጋፊ ጎድናዊ መጣበቒ ብርኩ ከምዝተሃሰየ ይንገር። ኣብ ናይ'ዚ ክረምቲ ውድድር ዋንጫ ዓለም ዝተሳተፈ እንግሊዛዊ ላላና፡ ዝወረዶ ማህሰይቲ መጥባሕቲ ዝጠልብ እኳ እንተዘይኮነ፡ ክሳብ ሽዱሽተ ሰሙን ካብ ጸወታ ከርሕቖ ዝኽእል ምዃኑ ጋዜጣታት እንግሊዝ ይሕብራ።

በዚ ድማ ንሱ ንሰለስተ ቀዳሞት ጸወታታት ሊቨርፑል ኣብ ፕሪመር ሊግ ካብ ምስታፍ ክበኩር እዩ ማለት'ዩ። እንተላይ ሃገራዊት ጋንታኡ - እንግሊዝ ኣንጻር ስዊዘርላንድ ኣብ እተካይዶ ፈላሚ ግጥም መጻረዪ ዩሮ 2016 እውን ዝህሉ ኣይኮነን። ላላና ብ25 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ክሉብ ሳውዛምፕተን ተገዚኡ ዝመጸአ ኾይኑ፡ ብኣሰልጣኒ ብሬንዳን ሮጀርስ ልዑል ትጽቢት ዝተገበረሉ ተጻዋታይ'ዩ።



## ሃድን ማን.ዩናይትድ ኣብ ልዕሊ ሁመልስ ?



ድሕሪ ምስንባት ተኸላኸልቲ ነማንያ ቪዲችን ሪዮ ፈርዲናንድን፡ ሆላንዳዊ ልዊስ ቫን ጋል ንማት ሁመልስ ንምውናን ኹ ብተስፋ ይጽዓዝ ኣሎ። እንተ'ኾነ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ተስፋ ዘቑርጽ ይገጥሞ - ክሉብ ናይ'ቲ ተጻዋታይ ቦሩሲያ ዶርትመንድ ንኩዳያ ክትሰላሰል ማዕጾኣ ብምርጋጡ።

እቲ ንጽዋእ ዋንጫ ዓለም ኢዱ ዘንበረላ ጀርመናዊ፡ በዚ ናይ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣሰልጣኒ ኣብ ዕላማ ካብ ዝኣተወ ዝለዓሉ ንምክልኻላዊ ተግባር ብጽሬት ዝፍጽሙ ተኸላኸልቲ ሓደ ምዃኑ ይንገረሉ። ወዲ 25 ዓመት ሁመልስ ብዚይካ ብዩናይትድ ብብዙሓት ክለባት ዓለም'ዩ ዝህደኑ። ማንቸስተር ሲቲን ጁቬንቱስን ካብተን ኣብ ራዳረን ዘእተዋኦ ክለባት'የን።

እዚ ይኹን እምበር፡ ጋዜጣ ደይሊ ሚረር ኣብ ገጻታ ዘሰፈረቶ - ካብ ዶርትመንድ ዝወጽኤ ምንጪ፡ "ምስ'ቲ ተጻዋታይ ተዘራሪብና ኢና። ገለ ክለባት ኣብ ልዕሊኡ ኣቓልቦ ምግባረን ልክዕ'ዩ፡ እንተ'ኾነ ኑቲ ናይ ምይይጥ ዕድል ሂጺግናዮ ኣለና።" ዝበል እዩ። ሁመልስ ኣብ ዶርትመንድ ሕገሰ ምህላዉን ንዝመጽእ ዓመተ-ውድድር ምስኣ ክጸንሕ ምዃኑን ድማ እቲ ምንጪ ወሲኹ የረድእ።

እዚ ከምዘሎ እንከሎ፡ ማንቸስተር ዩናይትድ ብዳግማይ ፈተነ ንወዲ 27 ዓመት ኣከፋፋሊ ጁቬንቱስ - ኣርቱሮ ቪዳል ብ35 ሚልዮን ፓውንድ ከተሰጋግሮ መዲባ ምህላዋ ይሕበር። በዚ እቲ ብዓርቢ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ክዝዋወር ከምዝይደሊ ዝገለጸ ቪዳል፡ በዚ መጠን ገንዘብ ናብታ ብሓድሽ ቅዲ-ኣጻዋውታ እትሰርሖ ዘላ እንግሊዛዊት ጋንታ ከይሰገረ ከምዝይተርፍ ግምት ብዙሓት ወሃብቲ ዜና ኮይኑ'ሎ።


## ኣርሰናል ንኦስፒና ኣፈሪማቶ

ብመሰረት ሓበሬታ ኣሰልጣኒ ኒስ - ክላውደ ፒወል፡ ኣርሰናል ንምስግጋር ሓላው ልዳት ሃገራዊት ጋንታ ኮሎምብያ ደቪድ ኦስፒና ብ3.2 ሚልዮን ፓውንድ ኣብ መፈጸምታ ምብጻሓ ተረጋጊጹ። በዚ ድማ እቲ ኣብ ስታድዩም ኢመሬይትስ ንኣርባዕተ ዓመታት ክጻወት ምስምማዕ ዝገበረ ኦስፒና፡ ኣብ መስርሕ ምስግጋር'ዚ ክረምቲ ድሕሪ ኣሌክሰስ ሳንቸዝን ማቲው ደቡቺን ብዘጋፍርስ ዝፈረመ ሳልሳይ ተጻዋታይ ኮይኑ ንረኽቦ።

ፒወል፡ "እወ፡ እቲ መስርሕ ጸዲቑ'ዩ፡ ኦስፒና ኣገዳሲ ንፋዕ ሓላው ልዳት ብምዃኑ ድማ ኣርሰናል ጸቡቕ ዕማም ፈጺማ'ላ፡ ንቐዓት'ዚ ተጻዋታይ ብዚያዳ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ ዝጅምር ሓድሽ ወቕቲ ክትርእይዎ ኢኹም።" ክብል፡ ንስካይ ስፖርት ገሊጹ።

ወዲ 25 ዓመት ኦስፒና ካብ 2008 ንደሓር ምስ'ታ ናይ ሊግ 1 ፈረንሳ ክሉብ ክጻወት ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ንሃገሩ ኣብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም ኣብ ብራዚል ንኽትበጽሕ ዝገበሮ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ብፍሉይ ክጥመት ኣኽኢሉዎ'ዩ። ንሱ፡ ኮሎምብያ ናብ'ዚ ውድድር ኣብ ዝበቕዓትሉ ልዕሊ ዝኾነት ካልእ ናይ ደቡብ ኣመሪካ ጋንታ ዝውሓደ ሸቶታት (13 ምዃኑ'ዩ) ዝተመዝገባ ጋንታ ክትከውን ሓጊዙ።

ኦስፒና፡ ምስ ቀዳሞት ተሰለፍቲ'ታ ሰሜን ለንደናዊት ክሉብ ኣብ ሜዳ ንኽርአ ምስ ቸዚ ቅልስ ይጸበዮ። ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ኣርሰን ቨንገር፡ ቸዝኒ ኣብ ጸቡቕ ቁመና ክሳብ ዘሎ ቀዳማይ ምርጫኡ ምዃኑ'ዩ ዝገልጸ።



## ተወሳኺ ...

= ባርሴሎና ኣብዚ ክረምሪ ተወሳኺ ናይ ማእከል ተኸላኻሊይ ናብ ሜዳ ኖ ካምፕ ከተምጽእ ደልያ ምህላዋ ይሕበር። እዛ ካብ ናይ ዝሓለፈ ወቕቲ ውድቀታ ዳግም ክትትስእ ዘንቀደት ስጳኛዊት ክሉብ፡ ንናይ ሊቨርፑል ዱኒ ኣገር እያ ተቋምት ዘላ - ዘውወር ደያን ሎቭረን ናብ ሊቨርፑል ኣብ መፈጸምታ ምስ ዝበጽሐ።


= ክብረ-ወሰን ገንዘብ መሰጋገሪ ተጻወትቲ ማንቸስተር ዩናይትድ ሐዙ ዝርከብ ስጳኛዊ ያን ማታ፡ ሓድሽ ኣሰልጣኒኣም ልዊስ ቫን ጋል ንብምሉኦም ተጻወትቲ'ታ ጋንታ ብቛንቛ እንግሊዝ ክረዳድኡ ከምዝኣዘዞም ገሊጹ።

ቫን ጋል ኣቐዲሙ ኣብዚ ክረምቲ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ካብ ዝመጸኡ ንደሓር፡ ዝፈጠሮ ለውጢ እዚ ጥራይ ኣይኮነን። እዚ ኣብ ዋንጫ ዓለም ንኔዘርላንድስ ዝኣለየ ኣሰልጣኒ፡ ጋንታኡ ዩናይትድ ኣብዚ ዝመጽእ ዓመተ-ስፖርት ምስ ናይ ድሕራት-ክንፊ እንተላይ ወሲኑ'ሎ።

= ክሉብ ኩንስ ፓርክ ሬንጀርስ ንሓለው ልዳት ብራዚል - ጁልዮ ሴዛር ካብ'ታ ብመልክዕ ልቓሕ ዝጻወተላ ዘሎ ክለቡ ቶሮንቶ ጸወታት ከምዝቐረበትሉ መርበብ ሓበሬታ ስፖርት በበሲ. ኣፍሊጡ።

እቲ ወዲ 34 ዓመት ሓላው ልዳት፡ ኣብ ውድድር ሻምፕዮንሺፕ ምስ ኪውፒኣር ሓደ ጸወታ ጥራይ ድሕሪ ምክያዱ'ዩ ዝሓለፈ ሰላቲት ናብታ ናይ ካናዳ ክሉብ ዝተጻንበረ። ሴዛር ኣብ ብምሉኡ ጸወታታት ብራዚል ናይ ዋንጫ ዓለም ዝተሰለፈ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ቺለ ብፍጹም ቅላዕ ዓወት እንክመዝገቡ ጅግና'ቲ ግጥም ምንባሩ ይዝከር።

መግለጺ ቶሮንቶ፡ "ጁልዮ ነዛ ክሉብ ብኣበርክቶኡ ከተማስዮና ንደሊ - ቅጸቤታዊ ጽልዋ ብምግባሩ" ዝበል እዩ። ኣብ 2012 ካብ ኢጣልያዊት ክሉብ ኢንተር ሚላን ናብ ኪውፒኣር ዝተሰጋገረ ሴዛር፡ ምስዛ ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመተ-ውድድር ብኩራት ናብ ፕሪመር ሊግ ዝደየበት ጋንታኡ ንተወሳኺ ክልተ ዓመት ዘጽንሕ ውዕል ኣለዎ።



# ተወሳኺ...

ተስፋኣለም የማነ

## ካሊፎርንያ - ማይ ዘባኽነት ስድራ 500 ዶላር ክትቅጻዕ!!

ናብ ሸዱሽተ ክፍለ-ሃገራት ናይ ምምቅቓል ሓደጋ የንጸላልዋ ምህላዉ ዝገረላ ዘሎ ክፍለ-ሃገር ካሊፎርንያ፡ ብዘሰንከ ንሓያለ ዓመታት ዝቐጸለ ተኸታታሊ ደርቂ ከቢድ ሕጽረት ማይ ኣጋጢምዋ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ብመሰረት ጸብጻብ 'ጋልፍ ኒውስ፡ ብሰንኪ'ቲ ንሰለስተ ተኸታተልቲ ዓመታት ዝቐጸለ ሓያል ደርቂ ዝበዝሑ ምንጪ ማያት ናይ'ታ ክፍለ-ሃገር ስለ ዝጸፉ፡ ንክርቲ ሓያለ ከተማታት ካሊፎርኒያ ማይ ጠሰሚ ኮይኑዎም ኣሎ። በቲ ተፈጢሩ ዘሎ ጸገምር ኩነታት ዝተሻቐሉ ሰበ ስልጣን'ታ ክፍለ-ሃገር፡ ኣብ ግዛ ማይ ከባኽኑ ዝተረኽቡ ወልቀ-ሰብ 500 ዶላር ንምቕጻዕ ዘኽእሎም ሓድሽ ሕጊ ከጽድቑ ተገዲዶም ኣለዉ።

እቲ ሓድሽ ሕጊ፡ ነብርቲ ካሊፎርንያ ኑቲ ከይነጸፈ ተሪፉ ዘሎ ሒደት ምንጪ ማያት ብኣዝዩ ቁጡብ ዝኾነ ኣገባብ እናህለኹ ክስለዩ ዘኽእሎም ምዃኑ ድማ ይገልጹ። ብመሰረት'ቲ ጸዲቑ ዘሎ ሓድሽ ሕጊ፡ ኣብ ከተማታት ዝነብሩ ስድራ-ቤታት ኣይተኻንዶ ማይ ከም ቀደመን ጀርዲን ክስትያሉን መኪይነን ክሓጽባሉን እታ ዝጥቀማላ በምባ ማይ ከተንጥብ እንተጸኒሓ'ውን ከም ገበን ተቖጺሩ ግዳይ ናይ'ቲ ዘኖናሕሲ ምዃኑ ዝተገልጸ መቕጻዕቲ ክኾና እየን። በዚ ድማ ነብርቲ ካሊፎርንያ መዓልታዊ ከህልኽዎ ዝጸንሑ መጠን ማይ ብ20% ክንክኺ ንምጋም ከምዝለምም እቶም ሰበ ስልጣን የረድኡ።

ኣብ ካሊፎርንያ ኣጋጢሙ ዘሎ ደርቂ ድሕሪ'ቲ ኣብ 1970ታት ተረኣዩ ዝነበረ ሕሱም ደርቂ እቲ ዝሓየለ ከምዝኾነ'ዩ ዝግለጽ። በዚ ምኽንያት ክለምዕ ዝግባእ ዝነበረ ኣማኢት ኣሽሓት ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬት ብምብዳሙ፡ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ሰብ ሓረስቶት ብኸቢድ ተሃስዮም ከምዝለዉ ይሕበር።

## ኣውስትራልያ፡ ንኤች.ኣይ.ቪ ቫይረስ "ዝቐትል" ሓድሽ ኮንዶም ኣብ ዕዳጋ ክዝርጋሕ'ዩ



ኣብ መፍረ መድሃኒት ዝሰጥፍ 'ስታርፋርማ' ዝተባህለ ኣውስትራልያዊ ኩባንያ፡ ብጾታዊ ርክብ ንዝመሓላለፉ ኩሎም ሕማማት እንተላይ ንኤች.ኣይ.ቪ.ቫይረስ ዝቐትል ሓድሽ ኮንዶም ንዕዳጋ ክዝርግሕ ምዃኑ ኣሚቱ።

ጋዜጣ ቴለግራፍ ብሰንበማዚ'ቲ ኩባንያ ንዝዘርግሖ ወግዓዊ ሓበሬታ ብምጥቃስ ኣብ ዘሰፈረቶ ጸሓፍ፡ እቲ ኣብ ኣውስትራልያ ንዕዳጋ ክቐርብ ካብ መንግስቲ ካምቤራ ፍቓድ ረኺቡ ዘሎ ሓድሽ ኮንዶም፡ ካብ ኤች.ኣይ.ቪ. ቫይረስን ካልኦት ብጾታዊ ርክብ ካብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ናይ ምክልኻል ብቕዓቱ 100% ውሑስ ምዃኑ'ያ ገሊጹ። እቲ ኮንዶም ከም ጸረ-ቫይረስ ኮይኑ ዘገልግል 'ቪቫጀል' ዝተሰምየ ቀመማዊ ቅብኣት ከምዘለዎ፡ እዚ ቅብኣት'ዚ ከኣ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ንኤች.ኣይ.ቪ. ቫይረስን ካልኦት ተመሓላለፍቲ ቫይረሳትን ብምምካን ወላ'ቲ ኮንዶም ናይ ምቕዳድ ሓደጋ እንተጋጠሞ ኑቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ብቕዓቱ ከምዝዐዝዞ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ይጠቅስ።

ኩባንያ ስታርፋርማ፡ ኑቲ ኣብ ዘሙት ኣንጻር ኤች.ኣይ.ቪ. ቫይረስ ብዙሕ ተሰፋ ተኣብሪሉ ዘሎ ሓድሽ ኮንዶም ብዐዚዙ ንምፍራይ 'ኣንሰል' ምስ ዝተባህለ ካልእ ኣውስትራልያዊ ኩባንያ መፍረ-ኮንዶም ሽርክነት መስሪቱ ኣሎ። ፈላሚ ምህርቱ ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝቐጽላ ክልተ ኣዋርሕ ናብ ዕዳጋታት ኣውስትራልያ ክዝርግሕ መዳቡ ምህላዉ ከኣ ይሕበር።

ክፍሊ ምሕደራ መግቢን መድሃኒትን ኣመሪካ (FDA) ብወገኑ፡ እቲ ኮንዶም ናብ ዕዳጋታት ኣመሪካ ክኣቱ ድሌት ከምዘለዎ ገሊጹ ኣሎ። ጃፓን'ውን ብተመሳሳሊ እቲ ኮንዶም ኣብ ዕዳጋታታ ንኸዘርጋሕ ወሲና ምህላዋ'ዩ ዝሕበር።

እቲ ኮንዶም ከምቲ ብመሻዙ ዝገገረሉ ዘሎ ካብ መልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ. ቫይረስን ካልኦት ሕማማትን ናይ ምድሓን ብቕዓቱ 100% ምዃኑ እንተተረጋጊጹ፡ ብኣውስትራልያ ጀሚሩ ናብ መላእ ዓለም ንኸዘርጋሕ ግዜ ክወስደሉ ከምዝይኽእል ክኢላታት የረድኡ።

## ዚምባቡወ፡ ዋንጫ ዓለም 2034 ክተኣንግድ?



ተደራራቢ እገዳታት ሃገራት ምዕራብ ጽዕኑ ኮይኑዋ ዝርከብ ዚምባቡወ ኣብ ዝመጽእ 2034 ንዝካየድ ውድድር ዋንጫ ዓለም ኩዕሶ-እግሪ ክተኣንግድ ልዑል ድሌት ከምዘለዋ ገሊጻ።

ብመሰረት ጸብጻብ ጋዜጣ ቴለግራፍ፡ ሚኒስተር ቱሪዝም'ታ ሃገር ዋልተር ምዝምቢ ኣብ ከተማ ሃራረ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዚምባቡወ ኑቲ ድሕሪ 20 ዓመት ዝካየድ ውድድር ንምእንጋድ ናብ ኣህጉራዊ ማሕበር ፌደረሽን ኩዕሶ-እግሪ (ፊፋ) ወግዓዊ ሕቶ ከተቕርብ መዲባ ምህላዋ ሓቢሩ።

"ንፕረዚደንት ፊፋ ጆሴፍ ሰፕ ብላተር ብኣካል ረኺበ ብዛዕባ'ዚ ኣዘራሪበዮ ነረ። ዚምባቡወ ናይ ብሉጺ ኣብ ባይታ ዝነጸብረቕ ዓቢ ሕልሚን ራኢን እንተሃልዩዋ እቲ ዕድል ንዓኣ ዘይወሃበሉ ምኽንያት ከምዘይህሉ ድማ ኣረጋጊጹለይ።" ዝበለ እቲ ሚኒስተር፡ ሃገሩ ኑቲ ውድድር ንምእንጋድ ምሉእ ዘይጉዱል ዓቕሚ ከምዘለዋ ኣረዲኡ።

ዚምባቡወ፡ ሓንቲ ካብተን ንበጻሕቲ ዝበለጸ ሃገራት ተባሂላ ኣብ 2014 ዓለማዊ ሽልማት ዝዓተረት ሃገር ምዃና ዝጠቕሰ ምዝምቢ፡ ንዋንጫ ዓለም 2034 ናይ ምእንጋድ ዕድል እንተተዋሂብዋ እቲ ዝድለ ትሕተ-ቅርጺ ኣብ ግዜኡ ከተዋድድ ከምዝይእግማ ወሲኹ ገሊጹ።

ኣስታት 13 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ዚምባቡወ፡ ዋንጫ ዓለም 2034 ክተኣንግድ ዕድል እንተደኣ ተዋሂብዋ፡ ንደቡብ ኣፍሪቃ ተኸቲላ ካልኣይቲ ዋንጫ ዓለም ዘኣንገደት ኣፍሪቃዊት ሃገር ተባሂላ ክብሪ ክትረክብ እያ።

ጸብጻባት ከምዘመልክትዎ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ ዋንጫ ዓለም 2010 ንምእንጋድ ብጠቕላላ 12 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ክትገብር እንከላ፡ ብራዚል ድማ ኑቲ ቅድሚ ሒደት ሳምንቲ ዝተዛዘመ ዋንጫ ዓለም 2014 ንምድላው 13 ቢልዮን ዶላር ኣፍሲሳ።

ብዙሓት ሃገራት ዋንጫ ዓለም ናይ ምእንጋድ ዕድል ምስ ረኸባ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ብመገዲ ጽላት ቱሪዝመን ኣብለን ቢልዮናት ዶላር ኣታዊ ክግሕጣ'የን ዝጽበያ። እንተኾነ እቲ ትጽቢት ኣብ መብዛሕትአን ኣኣንገድቲ ሃገራት ዘይክውንነታዊ ኮይኑ'ዩ ዝጸንሐ። ምኽንያቱ ካብ ምስንዳእ ዋንጫ ዓለም ዝርከብ ጠቕላላ ኣታዊ ብማእከላይ ገምጋም 3.5 ቢልዮን ዶላር እዩ። ዝበዝሕ ካብኡ ድማ ብጸሒት ፊፋ ብምዃኑ ናብ ካዝናታቱ ይኣቱ።

## ዒራቕ፡ ጥንታዊ መቓብር ነቢ ዮናስ ብነታጉ ዓንዩ

ንሰሜን ክፋል ከበባታት ዒራቕን ሶርያን ድሕሪ ምቁጽጻሮም ሓዳስ እስላማዊት ሃገር ከምዝመስረቱ ዝኣወጁ ዘለዉ ብ'ኣይሰስ' ዝፍለጡ ዕጡቓት ሰናይ፡ ኣብ ከተማ ሞሱል ተደኲኖ ንዝነበረ ጥንታዊ መቓብር ነቢ ዮናስ ብነታጉ ከምዘዕነውዎ ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ ሓቢሩ።

ነብርቲ'ታ ከተማ ንኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ ከምዝሓበርዎ፡ መቓብር ናይ'ቲ ኣብ ቁርኣን ዩኑሱ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ዮናስ ተባሂሉ ዝግለጽ ነቢ ዝሓለፈ ሓሙስ'ዩ ምስ ቤተ-መቕደሱ ዓንዩ። ዕጡቓት ሰናይ ኑቲ ቀንዲ መለለዪ'ታ ከተማ ኮይኑ ዝጸንሐ ጥንታዊ መቓብር ብነታጉ ንምዕናው ልዕሊ ሓደ ሰዓት ከምዝወሰደሎም ዝጠቐሱ እቶም ነብርቲ፡ ኣብቲ እዋን ፍጹም ከምዘይነበረ ኮይኑ ከምዝሎ ኣረዲኦም።



ብኣቡ በክር ኣልባቕዳዲ ዝምራሑ ዕጡቓት ሰናይ፡ ንታ ኣብ ዒራቕ ብዕበየታ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እትስራዕ ከተማ ሞሱልን ከበባኣን ድሕሪ ምቁጽጻሮም፡ ዛጊት 15 መሳጊድ ንዝርከብኣን 30 ጥንታውያን ኣብያተ-መቕደስ ኣዕንዮም ከምዝለዉ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ። ገለ ካብኣተን ቤተ-መቕደስ ኢማም ያሕያ ኣል-ቃስምን ቤተ-መቕደስ ነቢ ዳኒኤልን ምዃነን ድማ እቲ ጸብጻብ የረድእ።

ኣብ እዋን ሻውዓይ ዘመን ንዝነበረ ሃይማኖታዊ ስርዓት ክተኽሉ ጀሚሮም ምህላዎም ዝገበረሎም ኣኽረርቲ ዕጡቓት ሰናይ፡ ብኣመሪካ ድሕሪ ዝተገብረሎም ግዚፍ ወታሃደራዊ ደገፍ ኑቲ ከባቢ ክቆጻጸርዎ ከምዝኸኣሉ ተንተንቲ ፖለቲካ ናይ'ቲ ዞባ የመልክቱ።

### ከምኡ'ውን. . .

ሊየላ ኦርስ ዝተባህለት ጀርመናዊት ሚልዮናት ዶላር ካሕሳ ንምርካብ ክትብል "ጾታዊ ዓመጽ ኣጋጢሙኒ" ኢላ ዝኣለሙቶ ውዲት ድሕሪ ምፍሻሉ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ፖሊስ ኣመሪካ ኣትያ።

ብመሰረት 'ጋልፍ ኒውስ፡ እታ ጓል 33 ዓመት ሰበይቲ ኣብ ከተማ ሎስ ኣንጀለስ እንክለ'ያ ንሓደ መንእሰ ኣልብላዊ ዝተባህለ ፍሉጥ ሃብታም ስዑዳዊ ስብኣይ "ወድኻ ተጋሲሱኒ!" ብምባል 15 ሚልዮን ዶላር ክኽሕሳ ኣብ ቤት-ፍርዲ ክትከራኸሮ ጀሚራ። ኮይኑ ግን ቤት-ፍርዲ ሎስ ኣንጀለስ ኑቲ ጉዳይ ብደቂቕ ድሕሪ ምምርማር፡ ወዲ 23 ዓመት ሶማር ኣልብላዊ ኑቲ ጉዳይ ከምዘይወዓሎን ሊየላ ኑቲ ክሲ ከምዝፈብረኸቶን ከረጋግጽ ክኢሉ። በዚ ድማ ብምትላልን ካልእ ገበናትን ተኸሲሳ ምስቶም ዝተፈብረኸ ጭብጢታት ሒዞም ክምጉትላ ዝቐጸረቶም ክልተ ጠበቓታታ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምትኣቱ ተገይሩ።

ፖሊስ'ታ ከተማ ከምዝሓበሮ፡ ሊየላ ኑቲ ወናኒ ኣማኢት ሚልዮናት ዶላር ዝኾነ ስዑዳዊ ፈለማ 20 ሚልዮን ዶላር ክኽሕሳ ነቲ ገንዘብ ብቐልጡፍ ናብቲ ኣብ ስዊዘርላንድ ዘሎ ናይ ባንክ ሕሳብ ከሰጋግረላ'ያ ብስቱር ጠሊባ ኣቕሪባትሉ ነረ። ኑቲ ጠለብ ምስ ዘጸን ከኣ ኣብ ቤት-ፍርዲ ክትከሶ ምዃና ልዕሊ 20 ሚልዮን ዶላር ክኽሕሳ ክግደድ ምዃኑን ኣፈራሪሓቶ። እንተኾነ ንሱ፡ ወዱ ኣይተኻንዶ ክዕምጻ መልክዓ'ውን ፈጺሙ ርእዩዋ ከምዘይፈልጥ ደጋጊሙ ስለ ዘረጋገጸሉ፡ እቲ ጉዳይ ክቃላዕን ናብ ቤት-ፍርዲ ክምርሕን ከምዝኸኣለ ገሊጹላ።